# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 29 ዓመት ቁ.44 ረቡዕ 23 ጥቅምቲ 2019 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 4
መዓድትን ተመዓድትን


ገጽ 5
ደረት ኣልቦ ሓይሊ


ገጽ 6
ብድሆ ትምህርቲ...


ገጽ 8
ኦክቶፐስ


ገጽ 9
ሃገራዊ ውድድር ፍርቂ ማራቶን 2019



# ሳዋ - ዶክተር ሃይለ ምሕጹን ንተመሃሮ ሰሚናር ኣካዪዱ




ስ/ሙሴ ኪዳነ

ፈጻሚ ዳይረክተር ሳልሳይ ትምህርትን ምርምርን ዶክተር ሃይለ ምሕጹን ኣብ ሳዋ ንዝርከቡ ኣባላት 33 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝኾኑ ተመሃሮ 2ይ ደረጃ ዋርሳይ-ይክኣሎ፡ ንሳልሳይ ትምህርቲ ገጠሙኦም ዝምልከት ሰሚናር፡ ብ19 ጥቅምቲ ኣካዪዱ።

ንታሪኽ ሳልሳይ ትምህርቲ ድሕሪ ናጽነትን ብፍቕዋ ከጋጠሩ ዝጀመሩ ምዕባለን ብሰፊሑ ዘብርሀ ዶክተር ሃይሉ፡ ኣብ 2004 ዝተፈላለዩ ኮሌጃት ብምኽፋት፡ ኑቲ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ተኣንግዶ ዝነበረት ኣገዙ ወሰኑን ቀጽሪ ክብ ብምባል ዝሰፍሐ ዕድላት ንምፍጣር ብዝተወሰደ ስጉምቲ፡ ኣብዚን ዝሓለፉ ልዕሊ 10 ዓመታት ኣሰታት 31 ሽሕ ዜጋታት ብዲግሪን ዲፕሎማን ከምእተመረቑ ኣብሪሁ።

ብዘይካዚ፡ 584 ብናይ ድሕረ-ምረቓ ትምህርቲ ንወጻኢ ሃገራት ከምእተላእኩ ዝገለጸ ዶክተር ሃይሉ ኑቲ ዕድል ንምስፋሕ፡ ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት ኣስመራን ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎን ናይ ድሕረ-ምረቓ ትምህርቲ ከምዝጀመራ ከምእተገብረ፡ ዝበረ ሕጽረታት መምህራንን ናይ ትምህርቲ መሳለጥያታትን ንምምላእ እውን ዝኸፍ ወፍሪ ከምእተገብረ ሓቢሩ።

ናይ ሳልሳይ ደረጃ ትምህርቲ ፕሮግራማት ብሉጻን ተወዳደርን ኮይኑ፡ ጠለብ ቁጠባዊ ጉዕዞ ሃገር ዝምልሰን ንዕኡ ዘገልግልን ንምግባሩ፡ ካብ ፈለማ 2018 ጀሚሩ ብብደረጃኡ ዝትግበር ናይ ምትዕርራይን ምቕርጣውን ስጉምትታት ይወሰድ ከምዘሎ ዝገለጸ ዶክተር ሃይሉ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ንማስተርስን ዶክትረይትን ዲግሪ ናብ ወጻኢ 123፡ ኣብዚ እዋንዚ ተበጊሶም ዘለዉ 97፡ ኣካል ናይቲ ዝቕድድ ዘሎ ጻዕሪ ከምዝኾነ ኣረዲኡ። እቲ ዕድል ቀጻሊ ምዃኑ እውን ገሊጹ።

# ገልዓሎ - ልምዳውያን ገፊፍቲ ዓሳ ንምሕያል ይሰራሓሉ

ምምሕዳር ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ገልዓሎ - ምምሕዳራት ከባቢ ኢንገል፡ መሓዝሉ፡ ጥኸን ባዴዳን ንዝጦፉ ልምዳውያን ገፊፍቲ ዓሳ ንምሕያል ከምዝሰርሕ ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ብሪጋደር ጀነራል ተኽለ ልብሱ፡ ብ18 ጥቅምቲ ምስ ወከልቲ ህዝቢ ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ገፊፍቲ ዓሳ ቀሪቦት በረድን መቀያየሪ ኣቕሑን ብቐረባ ዝረኽቡሉ ኩነታት ንምፍጣር ዝቕየድ ጻዕርታት ከምዘሎ ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ ብዙሓ ህሉው ኩነታት ሃገርን መደባት ልምዓትን፡ ምንቅስቓስን ምምእዛንን መንእሰያት፡ መሰልን ሱታፌን ደቂ-ኣንስትዮ፡ ባህሊ ዓያይትን ጸገታት ባሕርን ብሰፊሑ ተዘርቢሉ።

ብሪጋደር ጀነራል ተኽለ ብዘውሃቦ፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ባዳ ብውሑጅ ዝበሕጎገ ዘሎ መሬት ሕርሻ ንምድሓን፡ ቅልጡፍ ስጉምቲ ክውሰድ ምዃኑ ሓቢሩ።

ተሳተፍቲ፡ ኣብ ደሴታት ዘሎ ሕጽረት ጽሩይ ዝስተ ማይ ፍታሕ ክናደየሉ፡ ናይ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ኣሕደርቲ ኣብያተ-ትምህርቲ ክኽፈታ ዝብልን ካልእን ለበዋታት ኣቕሪቦም።

# ሚ/ሕርሻ፡ ሓረስቶት ዝኣኽለ ኣእካሎም ብዝቐልጠፈ ክእክቡ የዘኻኽር

ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ሓላፊ ጨንፈር ልምዓት ብቑልን እንስሳን ኣቶ በረኸ ዑቕባሚካኤል፡ ሓረስቶት ዝኣኽለ ዘራእቶም ብዝቐልጠፈ መንገድን ብመልክዕ ወፈራታትን ክእክቡ ኣዘኻኺሩ።

ህጥራን ባሕሪ ዝፈጥሮ፡ ኣብ ወርሒ መስከረም - ሓሓሊፉ ድማ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ ዝርአ ዝናብ ኣብ ሃገርና ልሙድ ምዃኑ ዝሓበረ ኣቶ በረኸ፡ ኣቐዲሙ ክዘዘም ዝበር ናይ ለሚ ዘመን ክረምቲ፡ ጌና ካብ ባሕሪ ዝበጽሕ ዝናብ ብሕጂ ንሓደ ወርሒ ክቕጽል ትንቢት ኩነታት ኣየር ብምህላው፡ ሓረስቶት ጻዕሮም ፍረ ክረኽቡሉ፡ ምስ ግዜ ክቀዳደሙ መኺሩ።



ሚኒስትሪ ሕርሻ መስርሕ ምእካብ ኣእካል ንምቅልጣፍ፡ ኣሰታት 50 ሽሕ ማዕጺድ ቀሪቡ ከምዘሎ፡ ድሮ'ውን ብመሰረት ዝቐረበ ጠለብ፡ ኣሰታት 5 ሽሕ ማዕጺድ ናብ ዞባ ደቡብ ከምእተላእከ ገሊጹ።

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣሰታት 18 ሽሕ ሄክታር ሰምሰም ይእኩብ ከምዘሎ፡ ኣብ ዞባ ደቡብ 444፡ ኣብ ዞባ ማእከል 576 ሄክታር ስርናይ ድማ፡ ንምእካቡን ንምኽያዱን ማሽነሪ ተዳልዩን ከምዘለዋ ኣብሪሁ።

# ሰ/ቀ/ባሕሪ - ኣብ ዕቃበ ቅርስታት ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ፎሮን ገልዓሎን፡ ኣብ ዕቃበ ጥንታዊ ቅርስታትን ረቋቕ ባህላዊ ውርሻታትን ኣስተምህሮ ወዲቡ።

ኣብ'ቲ ዓብይቲ ዓዲ፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ኣመሓደርቲን ወከልቲ ህዝብን ዝተሳተፉዎ - ካብ 15 ክሳብ 18 ጥቅምቲ ዝተዋህበ ኣስተምህሮ፡ ኣብ ሌላን ኣገዳስነትን ቤተ-መዘክር፡ ቅርስን ኣገዳስነቱን፡ ምሕደራን ውዳበን ፌስቲቫላትን ሃገራዊ በዓላትን ኣብ ዘጠቓልል ዛዕባታት፡ ብኣባላት ቤተ-መዘክር ዞባ ሰፊሕ መብርሂ ተዋሂቡ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ወ/ሮ ዘይኑብ ዑመር፡ ጥንታዊ ቅርሲታትን ባህላዊ ውርሻታትን ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ናብ ተኻእቲ ወለዶ ንምስግጋሩ፡ ሓላፍነት ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ምዃኑ ኣገንዚባ።

ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ብሓፈሻ፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ገልዓሎን ፎሮን ከኣ ብፍላይ፡ ንኤርትራ ኣብ ዓለማዊ መድረኽ ዘፍለጡን ክፍልጡ ዝኽእሉን - ካብ ዘመናት ክሳብ ናይ ቀረባ እዋናት ጥንታዊ ኣሰራት ከምዝርከቡ ዝጠቐሰ፡ ሓላፊ ጨንፈር ባህሊ ኣቶ የውሃንስ ገብረየሱስ ብወገኑ፡ ነበርቲ ኣብ ምዕቃብ ቅርስታትን ጥንታዊ ኣሰራትን ብዘለዎም ውህሉል ተመኩሮ፡ ኣበርኩቶኦም ከዛይዱ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ባጽዕ ብዘይካዚ፡ ብ15 ጥቅምቲ - ኣብ ኣገዳስነት ዓይኒ ምድሪን ጥዕናዊ ረብሓታቱን ኣስተምህሮ ተዋሂቡ።

ኮሚተታት ጥዕና ከባቢ፡ ኣመሓደርቲ ከባቢታት፡ መራሕቲ ዞናትን ሰራሕተኛታት መንግስትን ኣብ ዝተሳተፉዎ ኣስተምህሮ፡ ኣመሓዳሪ ከተማ ባጽዕ ኣቶ ሃይለ ኣስፋሃ፡ ክሳብ 2020 መላእ ህዝብን ትካላትን ከተማ ባጽዕ ዓይኒ ምድሪ ክህንጹ መደባት ተታሒዙ ከምዘሎ ገሊጹ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣቶ ረዘነ ፍስሃ ድማ፡ እቲ መደብ ንጡፍ ተሳታፍነት ናይ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ስለዝሓትት፡ ወሃዱ ጻዕሪ ክካየድ ኣተሓሳሰቡ።

# ዓንሰባ - ጉስጓስ ኣብ ልግሲ ደም ውጽኢት ሂቡ



ወለንታዊ ልግሲ ደም ብምትብባዕ እኹልን ውሑስን ቀረብ ደም ንምርግጋጽ ዝዓለመ፡ ብቐንዱ ኣብ ምብራኽ ኣፍልጦን ንቕሓትን ሕብረተሰብ ዘተኮረ ንጥፈታት ጽቡቕ ውጽኢት ይርከቦ ከምዘሎ፡ ኣብ ሃገራዊ ባንኪ ደም ኤርትራ ሓላፊ ኣገልግሎት ልግሲ ደም ኣቶ መሓሪ ኣብርሃም ገሊጹ።

ሃገራዊ ባንክ ደም፡ ምስ ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም ጨንፈር ዞባ ዓንሰባ ብምትሕብባር፡ ካብ 14 ክሳብ 17 ጥቅምቲ ዝቐጸለ ናይ ኣርባዕተ መዓልታት ወፍሪ ብዝምልከት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣቶ መሓሪ፡ ቀዳማይ ሕጂ ኣብ ኣብያተ-ትምህርትን ኮለጃትን ጥራይ ተሓጺሩ ዝነበረ ወለንታዊ ልግሲ ደም፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ሰራሕተኛታት ትካላት መንግስቲ ከም ባህሊ እናሰረጸ ከምዝመጸ ኣረዲኡ።

ዝሓለፈ ዓመት ኣብ መላእ'ቲ ዞባ ተንቀሳቒሶም 300 ከረጺት ደም ጥራይ ከምዝኣከቡ፡ ሎሚ ዓመት ግን ካብ ክልተ ኣብያተ-ትምህርቲ ከተማ ከረን፡ ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ፡ ምምሕዳር ከተማ ከረንን ጨንፈር ኢሚግረሽንን ዜግነትን ጥራይ ልዕሊ ኡ ከምእተኣከበ ሓቢሩ።

ኣቦ-መንበር ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም ጨንፈር ዞባ ዓንሰባ፡ መንእሰይ ኣኑር ሑመድ፡ ማሕበርም ኣብ መጋቢት 2019 ገባኤ ብምክያድ ንዝበረኸ ዕዮ ከምእተበገሰ ብምሕባር፡ እዚ ኣተባባዒ ለውጢ ናቱ ወጽኢት ምዃኑ ገሊጹ።

# ኤርትራውያን፡ ሓገዞም ንመናበዩ ስድራ ስዉኣት የዕዝዙ

ኣብ ካናዳ፡ ስዊዘርላንድን ጀርመንን ከምኡ'ውን ኣብ ወሽጢ ሃገር ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ ንመናበዩ ስድራ ስዉኣትን ማሰሲ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታትን ዝውዕል - 22 ሽሕን 240 ዶላር ኣመሪካ፡ 7 ሽሕን 928 ዶላር ካናዳ፡ 5 ሽሕን 300 ዩሮን 5 ሽሕ ናቕፋን ሓገዝ ኣበርኪቶም።

እዚ፡ ብኤርትራውያን ደቂ-ኣንስትዮ ነበርቲ ዊኒፐግ - ካናዳ 10,080 ዶላር ኣመሪካ፡ 8 ዜጋታት ነበርቲ ስዊዘርላንድ 3,600 ዶላር ኣመሪካ፡ ማሕበረኮም ኤርትራውያን ኣብ ጀነቫ - ስዊዘርላንድ 3,600 ዶላር ኣመሪካ፡ ማሕበረኮም ኤርትራውያን ነበርቲ ፍሪቡርግ - ስዊዘርላንድ 1,800 ዶላር ኣመሪካ፡ ማሕበረኮም ኤርትራውያን ኣብ ሙኒኽን ከባቢኣን - ጀርመን 3,400 ዩሮ፡ ማሕበረኮም ኤርትራውያን ነበርቲ ከተማ ቫንኩቨር - ካናዳ 1,080 ዶላር ኣመሪካ፡ ጉጅለታት ዋርሳይ፡ ጸንዓትን ፈንቅልን ከተማ ቫንኩቨር - ካናዳ 1,080 ዶላር ኣመሪካ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ከተማ ኪችነር ዋተርሉን ጎልፍን - ካናዳ 1,000 ዶላር ኣመሪካን 1,448 ዶላር ካናዳን፡ ንመናበዩ ስድራ ስዉኣት ዝተበርከተ እዩ።

ንማሰሲ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታት ድማ፡ ማሕበረኮም ኤርትራውያን ካናዳውያን ነበርቲ ካልጋሪ - ካናዳ 6,480 ዶላር ካናዳ፡ ኣባላት ህግደፍ ኣብ ፍራንክፈርት - ጀርመን 1,000 ዩሮ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ በልፈልደንን ከባቢኣን - ጀርመን 500 ዩሮ፡ ብስም ኣፍሰዊር ስእለ ሃይለ ካብ ፍራንክፈርት - ጀርመን 400 ዩሮ፡ ከምኡ'ውን ስሙ ክጠቅስ ዘይደለየ ነባሪ ዞባ ማእከል 5 ሽሕ ናቕፋ ወፍዮም።

# ኣፍዓበት - ኣብ መለክዒታት ብቕዓት ትምህርቲ ስልጠና ተዋሂቡ

ኣብ ኣፍዓበት፡ ንሓድሽ መለክዒታት ብቕዓት ትምህርቲ ብዝምልከት - ንሓለፍቲ ኣብያተ-ጽሕፈት ትምህርቲ፡ ሱፐርቫይዘራትን ርእሳነ- መማህራንን ንኡሳን ዞባታት ኣፍዓበት፡ ናቕፋ፡ ቅሮራን ኣዶብሓን ስልጠና ተዋሂቡ።

ኣብ'ቲ ትምህርቲ፡ ብቕዓት ትምህርቲ ንምርግጋጽ፡ ብወገን ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ መማህራንን ተመሃሮን ክግበር ኣብ ዘለዎ ጻዕሪ ብሰፊሑ ተገሊጹ።

ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ መምህር ረሺድ ዑስማን፡ ተራ መማህራን ኣብ ምርግጋጽ ብቕዓት ትምህርቲን ምኽስኻስ ተመሃሮን ዘለዎ ወሳንነት ኣስሚሩሉ።

ስልጠንቲ፡ ተዳልዩ ዘሎ ሰነድ መለክዒታት ትምህርቲ፡ ተሎ ኢሉ ክጸፈፍ'ሞ ክዕደሎም ኣዘኻኺሮም።

# ሓረስቶት ኣስካዳ፡ ብተርእዮ ባልዕ ዘራእቲ ይሰክፉ

ሓረስቶት ኣስካዳ - ንኡስ ዞባ ኣሶማዕ፡ ዘራእቶም ኣብ ደረጃ ምፍርያትን ምዕጻድን በጺሑ ከምዘሎ፡ ሓላፊ ባልዕ ደርኣ ስለዘሎ ግን፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ ርእሲ'ቲ ሞያዊ ምኽሪ፡ መድሃኒት ጸረ-ባልዕ ክቐርበሎም ሓቲቶም።

ኣብ ወርሓት ነሓሰን መስከረምን ብምጥቃዕ ዝርጋሐኡን ጽቡቕ ዝናብ ሳላ ዝዘረመ፡ ተስፋ ዘለዎ እንኮል ከምዘሎ ዝሓበሩ ሓረስቶት፡ ጉዳይ መድሃኒት ጸረ-ባልዕ ቅልጡፍ ስጉምቲ ዘድልዮ ምዃኑ ኣገንዚቦም።

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣሶማዕ ኣብ 4 ሽሕ ሄክታር መሽላ ልዕሊ ሓደ ሽሕ ሄክታር ድማ ብልቶግን ናይ ቅብኣ ኣዝርእትን ሰሚው ከምዘሎን ኣብ ዘተኣማምን ደረጃ ከምዝርከበን ዝሓበረ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ መንእሰይ ያሲን ዑስማን፡ ብሓረስቶት ዝቐረበ ሕቶ ኣብ ቦታኡ እኳ እንተለ፡ እቲ ኩነታት ብዙሕ ዘሻቕል ከምዘይኮነን ጥቡቕ ምክትታል ይግበረሉ ከምዘሎን ኣረዲኡ።

# ዘራእቲ ማይ-ዓይኒ፡ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ከምዘሎ ተሓቢሩ

ሓረስቶት ንኡስ ዞባ ማይ-ዓይኒ፡ ኣብ ደረጃ ምፍርያትን ምዕጻድን ዝበጽሐ ኣዝርእቶም ኣብ ቆፎኦም ክሳብ ዝኣቱ፡ ካብ ግራውቶም ከይረሓቑ ግቡእ ምክትታል ክገብሩ፡ ዘጋጥም ድማ ክሕብሩ፡ ክኢላታት ሕርሻ ጸዊዖም።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ኣቶ ታደየስ ሚካኤል፡ ሎሚ ዓመት 2770 ሄክታር መሽላ፡ 3190 ሄክታር ጣፍ፡ 700 ሄክታር ዳጉሻ ከምእተዘርኣን ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ከምዘሎን ሓቢሩ።

መብዛሕትኡ ዘራእቶም ኣብ ዘተኣማምን ደረጃ ከምዝበጽሐ ዝገለጹ ሓረስቶት ብወገኖም፡ ብክኢላታት ሕርሻ ንዝወሃቦም ቀጻሊ ምኽርን ሓበሬታን ኣመስጊኖም።

# ሓጋዝ - ተቐማጦ ሓረስታይ ናይ ማሽነሪ ሓገዝ ይሓቱ

ኣብ 2001 ኣብ ሓረስታይ - ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ዝተጠርነፉ ዜጋታት፡ ምንጪ ዝስተ ማይ ጥራይ'ዮም ንምውሓስ መንግስቲ ዝሃገሎም ራህያ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብድቡት መሊኣ ስለዘሎ፡ ንምጽራጋ ናይ ማሽነሪ ሓገዝ ክግበረሎም ሓቲቶም።

እቲ ኩነታት ንምንጪ ዝስተ ማይ'ውን ብኣሉታ ጸልዩዎ ከምዘሎ፡ ብሰንኩ ድማ ደቆም ካብ ትምህርቲ ይስናኸሉ ምህላዎም ዝሓበሩ'ቶም ዜጋታት፡ ተጠቀምቲ ናይቲ ብማእከል ዓዶም ሰንጢቑ ዝሓልፍ መስመር ኤለክትሪክ ዝኾኑሉ ዕድል ክፍጠረሎም ተላብዮም።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ግላስ ኣቶ ኣሰናይ ጴጥሮስ፡ እቲ ዝተጠቕሰ ጸገማት ፍታሕ ክናደየሉ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ይዘረበሉ ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣስታት 820 ነበርቲ ዘለዉዋ ሓረስታይ፡ ካብ ሓጋዝ ንሸነኽ ምብራቕ 8 ኪሎ-ሜትር ርሒቓ፡ ኣብ መስመር ሓጋዝ - ከረን እትርከብ ሓንቲ ካብ 6 ዓድታት ምምሕዳር ከባቢ ግላስ እያ።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ኣስፍሃ ተኽለማርያም
ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ኤርምያስ ገብረልዑል
ሺሃብ ኣርኣያ
ተስፋኣለም የማነ
ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ። 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ሳምራዊት መለስ
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ሰማያዊት ሓይለኣብ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍናን ሚኪኤለ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ. 200454-07121322

**ምልክታ**

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ደኩመንታሪ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ጉዳይ ኣብ ዘተ |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ቴራብ/ ገሉብ ደሐን |
| 14:20 | ዶክመንታሪ |
| 15:10 | ካብ ዞባታት |
| 15:40 | ዕላል ጥበባት |
| 16:15 | መደብ ማእገር |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:20 | ሙ/ድራማ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:40 | ሓበሬታ - ዝተቛረጸ መደብ ማእገር ድሕሪ ዜና ዓረብ ይቕጽል |
| 18:20 | መደብ ህርመት |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:10 | ተኸታታሊት ፊልም እተን መሓዙት 2ይ ክፋል |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ሕርሻን ሃብቲ ባሕርን 2ይ ክፋል |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:10 | ሙ/ድራማ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |

ብካልኣይ መስመር ተለቪዥን ኤርትራ ዝፍኖ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ኣሎ።

ኣያክስ ምስ ቸልሲ ሰዓት 8:00 ምሸት
ጃክስ ምስ ሊቨርፑል ሰዓት 10:00 ምሸት

# መዓድትን ተመዓድትን

## . . . እቲ ካልእ ሸነኽ!

ጥዑምዝጊ ተሰፋይ

ኣብ ሳንታክላራ ዩኒቨርስቲ ፕሮፌሰር ቶማስ ኦላንተ "ሰባት ኽሒወትካ ብኸመይ ክትነብር ከም ዘለካ ምንጋር ደፊትዉ. እዮም" እዩ ዝብል። ሓቂ'ዩ - ከም እንርእዮ መዓድቲ ብዙሓት እዮም። ብስራቤት፣ ዓርክ፣ መምህርቲ፣ ኣባል ስድራ-ቤት፣ መሳርሕቲ፣ ማሕበራዊ መራኸቢታት፣ ሕሉፍ ሓሊፉ'ውን ብሓላፍ መንገዲ ተኸቢብና ስለ እንነብር፣ ማዕዳ ወትሩ ምስ ዘበና'ዩ። ማዕዳ - ብዝዕባ ኣቦላዒ፣ ኣካይዳ፣ ትምህርቲ፣ ምስ ብጾልቲ-ቤት ዝህሉ ዝምድና፣ ኣከዳድና፣ ኣደቓቕሳ፣ ኣጠቓቕማ ግዜ. . . ክሳብ ንመን ክትፈቱ ከም ዘለካ ክሃዩ ዝመጣጠሩ ማዕዳታት ኣይኖም ትቕጽሮም።

ማዕዳኮ ዝኸውን ዋልታ ሒዝካ ክትከላኸሎ ዝኽእል እዩ። ንኡብሸኻ ዝገበርካ ግብራ፣ ማዕዳ ዝበሃል ከይቀረበካ ክትነብር ማለት ዘበት'ዩ። እቲ ተፈጥሮና እንደዩ ኸኣ መዓድትን ተመዓድትን ከም እንኸውን ገይሩ ኣፋንዩና። ኑቶም ክንምዕድ ባህ ዝበለና ሰባት፣ ተመዓድቲ ፈጢሩልና። ግራዝማች ኪዳን ደኣ እናኣቶ ሰላም ተበልካዮም "ከረይ ዲኻ ደሊኻ!" ይብሉ፣ ትም እንተ በልካ ኸኣ "ኣቤት ትዕቢት - ንሰኻስ ኣብይ ኢኻ በጺሕካ. . ." ክብሉ የናሽዉ'ኻ። ሰብ ከም'ኡ'ዩ! እንተ ሰሓቕካ ፈኩሱ፣ 'እንተዘይሰሓቕካ ጸዋግ፣ ተካዋሕካ ዘንጋር፣ ተሓጸርካ ድንኩ፣ ተጸለምካ ጠቃር፣ ተቐያሕካ መሳጥ፣ እንተ ተዛሪብካ ለፍላፊ፣ ትም እንተ በልካ ዓቢ. . .። ንኹሉ ዘኸውን ሰም ኣለዎ። ይምዕድ ከኣ፣ "ኣታ እዚ ገጽካ ፍትሕ ዘይተብሎ ኩይኑካ ተጸዊግካ . . .!"

ኣብ'ዛ ዓለምና፣ ምሑር ምፍላጥ'ውን እኮ ጸገም'ዩ። "ጽሉል" ከም እትበሃል ትፈልጡዶ? - እዛም ንዓለም ብዙሕ ሃገር ዘበርከቱ ናይ ዓለም ፈላጣት፣ ብሰንኪ ሕልፊ ሰጦም ምፍላጦም ክንደይ ኣደራዕ ወሪዱዎም መስለኩም! ግና ኩሉ ወዮ እዩ፣ ምሑር ዘይትፈልጥ እንተ ኼንካ ኸኣ 'ደንቆሮ' ትበሃል። ስለ'ዚሰ ንማዕዳ ዝኸውን ምኽንያት ዝሰኣን ኣይኮነን።

ማዕዳ እዚ ቀሊል ነገር፣ ዝኸውን ሰብ እዩ ዝኽእሎ። ቀሊል ስለ ዝኾነ ኸኣ፣ እቶም እንምዕድ'ውን ከም'ቲ እንምዕዶ ዘይንገብር፣ ወይ ድማ ካብ'ቲ እንምዕዶ ውሑድ ይኹን ብዙሕ ዝተርፈና ኢና። ከም'ቲ ኑብሶና ክትከውን እትደልዮ ምሉእ ብምሉእ ክንኽውን ዘሎ ተኽእሎ ዳርጋ ስለ ዘየሎ። ብሓቂ ኸኣ፣ እቲ ናብ'ቲ ክኸውና ዝደሊ ቀረባ ዝኸውን ሰብ፣ ንብዙሕ ወይ ዕሉታዊ ማዕዳ ዝኸውን ግዜ የብሉን። ዝጠዘለ ግዜኡ መሓዛ ኑብሱ ንክኸውን ኣብ ምጽዓር ስለ ዘሕልፎ።

ኣቤት ገለኣትና ንሱብ ምምካር ክንፈቱ! መኸርና ኣይንዓግዝብ፣ ተዛሪብና ኣይንርብርብ፣ ንኻልእ ሰብ ግና ኒሪብርብ። ገለ ሰባት፣ ፈላጥት ምኻናም ንኽሃዩ ኢሎም ከም ዝምዕዱ እዮም ግዱሳት ስኡእምሮ ዝገልጹ። "ገለ ምኽሪ ዝህቡ ሰባት፣ ብሓቂ ብዝዕባ'ቲ ዝመኽሩዎ ሰብ ተገዲሰም ስለ ዘሕደሩ ኣይኮኑን። እንታይ ደኣ፣ ሓይሎም ወይ ክእሉቶም ንምርኣይ እምበር" ድያ ዝበለት ክኢላ መደረን መራሒት ሰሚናርን ናእሚ ካርተን። እዚ ክበሃል ከሎ ግን፣ ንሰናይና ኢሎም ዝምዕዱ የለዉን ማለት ኣይኮነን። ዋላ'ዚ ይኹን እምበር፣ መብዛሕትኡ ግዜ፣ ካብ እንቃዓ ማዕዳ ሓንቲ መለሊኻ ጥራይ ኢና እንተ ረኺብና።

ናእሚ ካርተን ጉዳይ ማዕዳ ግዲ ኣርሚሙዋ "ስለምንታይ እዮም ሰባት ዝጠዘለ እዋን ዘየድሊ ምኽሪ ክህቡ ዝደልዩ?" ኢላ ትሓትት። ሓቃ እያ'ኮ! ብዝዕባ ተመክሮኡን ኣፍልጦኡን ዋላ ሓንቲ ከይሓዘኻ ንሱብ 'ክመኽረካ' እናበልካ ወጠጥ ትብሎ ኢኻ ደቀይ! ወዮ ድማ ይጥቀም ኣይጥቀም ምኽሪ ዘይምቕባል ኣብ ሕብረተሰብና ነውሪ ግዲ ኾይኑስ፣ 'ክመክር' ንዝበለ ሰብ 'ኣይፋል' ምባል ኣይለመድናን። ገለ ትብዕ ዝበሉ ሰባት ግን፣ ዘይጠቕሞም ማዕዳ እንተ ኾይኑ "ዝመዓዱ እንተረኺብካ ሃሰስ በል እምበር፣ ኣነስ ማዕዳ ኣየድልየንን'ዩ!" ዝዓይነቱ ዘረባ ገይሮም ንመዓዲዩ የፋንዉ. እዮም። ናእሚ ካርተን "ንጽኻ ኣድላዪ ዘይኮነ ምኽሪ ትወሃብ እንተ ሃሊኻ፣ 'እዚ ማዕዳ ንዓይ ኣይጠቕመንን እዩ' ካብ ምባል፣ እቲ ዝቐለለ መልሲ፣ ንመዓዲኻ ኣድኒቕካ ምግልጋል ጥራይ'ዩ" እያ ትብል። ምኽንያቱ፣ ማዕዳ ናይ'ቲ ወሉፍ ማዕዳ ዝኸውን ሰብ ዕሽሽ ኢልካ ህይወትካ ንኽትመርሕ ዝዓግዘካ ስለ ዘየሎ።

ኣብ ማዕዳን መዓዶን ብዙሕ ትንግርቲ እዩ ዘሎ። ንተመዓዳይ ቀንጠመንጢ. ዝኸውን ምኽሪ መሊኡ። ክመዓድ ዝግበኦ ክሉ "ተዘይመዓድኩ' ኢሉ 'ኣሻፈረኝ' ዝብል ከኣ ኣሎ። እንሓንሳብ፣ እቲ ተኣፊንና እንምዕዶ ሰብ፣ ብዝዕባ'ቲ እንምዕዶ ነገር ካብና ንላዕሲ ኣጸጸዩ ዝፈልጥ ይኸውን'ሞ፣ ብውሽጡ "ኣብ ኩናት ዘይወዓለ በሊሕ" እናበለ፣ ብጺጋማይ እዝኑ ኣእትዩ ብየማናይ እዝኑ የንፍሶ። ሰባት ክብሉ ስለ ዝሰማዕካ ጥራይ "ከም'ዚ ክትገብር ኣሎካ፣ ከም'ዚ ክትፈጥር ኣሎካ. . ." እንተ ተባሂሉ ልዕሊ'ቲ እትብሎ ዝፈልጥ ሰብ ኣሎ። ስለ'ዚ፣ ማዕዳ እውን ንመንን ብኸመይን ምምዓድ ከም ዘድሊ መጽናዕቲ ዝሓትት'ዩ።

"ኣቦይ ማዕዳ" ዝበል ቅጽል ሰም ክሳብ ዝለግቡና እንምዕድ ሰባት ኣለና። ንኽንምዕድ ምኽንያት እንተ ረኺብና መፍቶትና፣ ምኽንያት እንተ ዘይረኺብና ድማ ዓይኒ-ብለይ ስኒ-ብለይ ማዕዳ ንደርጉሖ። ማዕዳ ሰናይ ነገር ምኻኑ ስሒቶ ኣይኮንኩን። ግን መወዓእታ ዘይብሉን ክውንነቱ ዘይተረጋገጸን እንኽኸውን መንገዲ ዓመት ዘህድም'ዩ።

ንማናዕዳ ብሰናይ ወኪሉ ጥራይ ክንርእዮ ክሉና፣ ዝያዳኡ ኣይመሳሰናን'ዩ። ከም ሓልዮትን ተገዳስነትን ስለ ዝወሰድ እውን ንመዓዳይ ዋላ ርእሰና ጸርወርው. እናበለና ትም ኢልና እንሰምዓሉ እዋን ኣሎ። ማዕዳ ክንጾ ዓቕሙ ክሓልፍ ከሎ፣ ንተመዓዳይ ጸርፍን ምንቅሻሽን ምኻኑ ዘይንግንዘቦ ኸኣ ውሑዳት ኣይኮንናን።

ዓንደ፣ ንብርሃ ዘመዱ፣ ሓንቲ ግዜ ምስ ኣዕሩኽቱ ወኻዕካዕ እናበለ ሓደ ክልተ በራ ጎርዓ ኩብል ምስ ረኣየ፣ ንኽምዕዶ መዓንጣኡ ሸጥ ኣቢሉ'ዩ ኾይሉ። ብርሃ ወዲ 23 ዓመት'ዩ። ወዮ ደኣ ኣብ ባር ዝኣተወ ኩሉ መሓዛ በራን ኣረቂን ይቕጽር ኩይኑ እምበር፣ ኣቡሓጎን እኖሓጎን'ኮ ባህ ክብሎም ከሎ ሓደ ክልተ መስኪያ ኣልኮል ጨብ የብሉ እዮም። ዝጠዘሕ እዋን ኣብ ገዛ።

ዓንደ ዝ. ወዲ ካብ ንጽባሒቱ ኣትሒዙ እዩ ተተሓሒዙዎ። "ኣንታ ንሰኻ ኣብ'ዚ. ዕድመ'ዚ. በራ ተራእዮስ ምስ እልፊ ሰኽራማት ተኾዲጭካ ትልሕፎ! መስተ'ኮ እናሰሓቐ እዩ ሸለው ዘብለካ! ብሰንኪ. መስተ ክንደይ ሰባት ከምዚን ተረፎም፣ ገሊኦም ፍቓዶ ጎደና ተደርቢዮም፣ ገሊኦም ድሮ ተቐቢሮምስ ተረሲዖም! ከም'ዚኦቶም ክሳብ እትኸውን ዲኻ ምስ ዘይመኻይደትካ ትኸይድ ዘለኻ። ኣነ መቸም 'ግደፍ' እብለካ ኣለኹ። ኑቲ ዝርእየካ ሰብ ከሚን ጸቡቕ ኣይኮነን። ሰብ ብኻልእ እናተጸበየካስ፣ ኣብ ፍቓዶ ባራት ዓርኪ. ጠራሙዝ ክትከውን! ምስ እልፊ ምናምንን ዘይጠቕሙን ሰባት ተሰሪዕካ ክትውዕል - ኣየጸብቐልካን'ዩ ኩሰቶ ሓወይ. . ."

ኣቤት ክኹብድ ማዕዳ! እዚስ ማዕዳ ድዩ ዝበሃል ጸርፊ? ምስ ምንታይ ምቕጻርኩሞ? ሰብ ከም'ኡ ክብለካ ከሎ'ኳ ተሰልዩም ምስ ዝተኣከቡ ከምሚን ዝተጸብጸበካ ኩይኑ እዩ ዝስመዓ። ንተመዓዳይ ጥራይ ዘይኮነ ኸኡ ኑቶም ኣብ ባር ዝኣትዉ. ሰባት እውን ናብ ጨርቂ እዩ ቀይሩዎም - ዓንደ። እዚ ውሑድ ጸማቑ ካብ'ቲ ማዕዳ'ዩ። እምበር ብሕልፊ ደው ኢልካ ከለኻ ትምክር እንተ ሃሊኻ፣ መንጸርር ኣትሒዙ ዘውድቕ'ዩ። ተውሳኺ.ቱ ብርሃ! ኣዓመይ ጸጉሪ ርእሳ ከይተረፈ. ክሳብ ዝጠልል ኣብ ኣልኮል ተኣሊኻ ትነብር፣ ብርሃ ድማ ብሰንኪ. ክልተ በራ፣ ብሞኾስ ናይ ማዕዳ ይቕጥቀጥ።

እቶም "ኣነ ፈላጥ'የ - ክኢላ'የ - ዓቕሚ ኣለኒ. . ." ንኽብሉ ዝጥቀሙሉ ማዓዶ፣ ናይ ኣዋጅ መሳርሒኦም ስለ ዝኾኑ፣ መሰረትን ክውንነትን ብዘይብሉ ማዕዳ ገይሮም ቅጥቅጥ እንተበሉኻ፣ ልዕልኑቶም ንኸረጋግጹ ጥራይ ስለ ዝኾኑ፣ ተመዓዳይ ዝረኽቦ ዋላ ሓንቲ ፋይዳ የለን። ገለ ድማ ኣብይ ከም ዝዓልብ ዘይፈልጡ መኻዚና ማዕዳ እዮም። ኣብ ክውንነት ተመርኲሶም ብዮሄላ ዝምዕዱ ኸኣ ገለገለ።

ኣቤት ናይ ገለ ክኢላታትን ዓበይትን ማዕዳ ክምቕር! ኣብ ኣበሃህላኡን ዕላማኡን ፍትው ተብሎ'ሞ፣ ዋላ ክትትግብሮ እንተ ዘይከኣልካ፣ ኣብ ኣእምሮ ይሰፍር። ኩሉ ግዜ ትዝክሮ። ናይ ብዓል ዓንደ ግን ቅጭ ኣምጺኡ መሊሱ ናብ ባር ይኸብኩቦ።

ፈታዊ መስተ ወዲ ኣሃዱና ነይሩ። "ኣታ መስተ ግደፎ፣ ጽባሕ ንግሆ ጠረብ ምስ በልካ ከጣዕሰካ'ዩ - ቀኒሕ ዝበለካ የለን. . ." እናበለ ዘይምዕዶ ሰብ ዳርጋ ኣይነበረን። በቃ ዘዘርከበ እዩ ዝምዕዶ። ሕሉፍ ሓሊፉስ፣ እታ ሰቕተኛ መጋቢትና ከይተረፈት'ያ ኣረኻኺባትሉ። ካብ'ቶም እንምዕዶ ገለና፣ ዳርጋ 'ኣይንሕሾ ኣይንሓምቆ' ኢና ዝነበርና። ዝወሃቦ ማዕዳ ካብ ሓደ ይምጻእ ካብ ካልእ ብዘየገድስ፣ ኩሉ ሓደ'ዩ ትሕዝቶኡ።

ወዲ ኣሃዱና ማዕዳ ሰልኪዩዎ - ብትኽክል ኣዘራርባ፣ ፈገዑዎ ምባል ይሓይሽ። ሓቂ እዩ ኸኣ፣ በጠዙሓለፎ ምሉእ መዓልቲ ክመዓድ እዩ ዝውዕል። ምስ ተወደአ ግን፣ ክምዕዶ ኢሉ ንዝቐረቦ ሰብ፣ ኣዒንቱ ኣጨምቲሉ ክርእዮ ይጸንሕ'ሞ "እዛ መስተ. . ." ኢሉ ክጅምር ከሎ፣ "ካዕካዕ" እናበለ "ትም በል - ትም በል በጃኻ! ተቐዲምካ ኢኻ! እዚ ኹሉ ሰብ ዘለዎ ክቲፉ ክኸይድ ከሎ ኣብይ ነይርካ ኢኻ ንስስ እናበልካ ትመጽኣኒ! - ካልእ ሰብ ድስ እምበር ኣነስ ቀደም ተታሒዘየ. . ." እናበለ ኣፍና ዓጽዩ ከቢረና ምስ ጀመረ፣ ኩላትና መልሓስና ኣኪብና። ወረኡ ምስ ተዘርገሐ ኸኣ፣ ካብ ዕሉታዊ ማዕዳ ድሒኑ።

ተመራመርቲ ካብ ብዙሓ ጥራይ ማዕዱ ብዮዝብሪ ምምሃርን ኣብኡት ምኻንን ከም ዘድሊ. ይሃቡ። ወዮ ናታቶም'ውን ማዕዳ ደኣ ኩይኑ እምበር፣ ኣብነታዊ ብምኻኑ ሰባት ናብ'ቲ እትደልዮ ሰናይ ባህሪ ክትመርሖም ከም እትኽእል ይገልጹ እዮም።

ነዊሕ ዓመታት ይገብር (ብመን ከም ዝተሳእለት ብዘይምዝካረይ ይቕረታ) ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ሓንቲ ካርቱን ርእየ ነይረ። ናይ መዓዲን ተመዓዲን ምስሊ. ኣሎ። መዓዲ ኣትካኺ. ሽጋራ እዩ፣ ተመዓዲ ኸኣ ሰፋፊ ትምባኾ። ሽጋራኡ ብድሕሪኡ ከዊሉ እዩ "እዛ ትምባኾ ከይትቕትለካ ንዓው በላ" ዝብሎ። ብሓቂ ገጺት ካርቱን። ሰብ ኑቲ ክንብሮ ዘይክኣለ ነገር ካልእ ሰብ ንኽገብሮ ክምህር ምፍታኑ ዘየገርም ኣይኮነን። ብዘይሰራሕ ፍቓዶ ጽርግያ ዘወን እናበሉ ዘማርሩ ሰባት፣ "ሰራሕካ ብላዕ ሰራሕ እዩ ዘኽብረካ - ሰራሕ ተሳእኑ ኣይትበል - ባዕልኻ ሰራሕ ፍጠር. . ." ክብሉኻ ከለዉ፣ "ንስኻኸ ደኣ" ክበሃሉ ከም ዝኽእሉ ስለ ዘይፈልጡዶ ይኾኑ?


ብሓቂ ባህርያዊ ለውጢ. ከምጽእ ንዝደለናዮ ሰብ፣ ካብ ናይ ቃል ምኽሪ ምሃብ፣ ዋላ ብውሑዱ ይኹን ብኣብነት ክርእዮ ይግባእ። ብኻልእ ኣዘራርባ፣ ኣብ ክንዲ ብቓላት ምምካር፣ ንኻልኦት ኣብነት ክንኸውን የድልየና።

"ስለምንታይ እዮም ገለ ወለዱት ማዕዱ ንተመዓዳይ ኣብ ዘየገድሶ ነገር ክምዕዱዎ ዝሃልኩ?" ዝበል ሕቶ፣ ክሳብ ሕጂ ዘርብ ዘሎን ዝርዝር መልሲታቱ ዘይተዛዘመ'ዩ። ምናልባት ከም'ቲ ተመራመርቲ ዝበሉዎ፣ ኑቲ ዝፈልጡዎ ክሃዩ ከለዉ. ባህ ስለ ዝብሎም ይኸውን። ጥዑይ ማዕዳ ክይህቡ ኸኣ፣ ብዝዕባ'ቲ ንተመዓዲ ዘድሊ. ሸነኽ ኣፍልጦ ስለ ዘይብሎም ይኾኑ።

ክጠቅም ዝኽእል ማዕዳ ምርካብ ዝያዳ ከም እትብቅዕ ይገብር'ዩ። ስለ ዝኸውን ድማ ንሩዓት ሰባት፣ ኣብ ዘድልየም እዋንን ኩነትን ባዕሎቶም ምኽሪ ክሓትቱ ይረኣዩ። ኑቲ ከም ዘይብቕዓት ከማስሎም ዝኽእል ሕቶ ማዕዳ ኣይፈርሑዎን።

ኣብ መወዳእታ እምበኣር፣ ማዕዳ ንደላዩኡን ኣብ ቦታኡን ጸቡቕ እዩ። ዘይረኣናዮ ሸነኽ ንኽነርኢ. ስለ ዝሕግዘና ሕልናዊ ሓላፍነት ስለ ዘበራብረና። ክጾ ተደላይነትን ኣብ ዘይቦታኡን እንተ ኾይኑ ግን፣ ጸርፊ ወይ ምንቅሻሽ እዩ'ሞ፣ 'ቅድሚ ምምዓድና፣ ንዝኡኑብስና ንምዓድ' ንምባል'ዩ።



# ልቦናን ፍልስፍናን

## ደረት ኣልቦ ሓይሊ

ራብዓይ ክፋል

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

*“ፍልጠት ቅኑዕ መልሲ ምውናን እዩ፣ ብልሒ ግና ቅኑዕ ሕቶ ምቕራብ እዩ።”*
*– ማክስም ጎርኪ*

*“እቲ ዝዓበየ ኣገዳሲ ነገር ሕቶ ካብ ምቕራብ ዘይምቁራጽ እዩ።”*
*- ኣልበርት ኣይንስታይን*

“ንዓይ ናይ ሰብ ኣይከውንለይን እዩ።”

“እንታይ እዩ ብሓቂ እቲ ዘይከውነልካ?”

“ኣብ ዝኾነ እዋን እተጻገምኩሉ፣ ናይ ዝኾነ ሰብ ሓገዝ ረኺበ ኣይፈልጥን እዩ።”

“ንሰኻኸ ትሕግዞዶ?”

“ኣብ ባህልና ንገዛእ ርእሰኻ ምንኣድ ልሙድ ኣይኮነን።”

“ብዘተዘዋወረ ግዱ ትሕግዞ ምኳንካ ኢኻ ትግረፍ ዘለኻ።”

“ብቐጥታ እሞ ዘይነገርኩ።”

“ሕራይ ንገረኒ።”

“ኣነ ጸገም ሰብ ክርኢ ኣይደልን እየ፡ ካብ ካልእ ሰብ ተጸጊመ ክርኢ፡ ንባዕለይ ክጽገም ዝመርጽ ሰብ እየ - ብዘይቀልዓለም ክነግረካ እንተ ኾይኑ።”

“እስከ ብኣብነት ኣሰኒኻ ንገረኒ።”

“ኣነ ዝጠመየ ወይ ዝጸረቐ ሰብ እንተ ርእየ፡ ቤታ ዘሎትኒ ዓቕሚ ይሕግዞ እምበር፡ ርእየ ከም ዘይርኣኹ ኣይሓልፎምን እየ።”

“ንሰኻ ክትጠምን ክትጸርቕን እንከለኻኸ ኩሉ ሰብ ረጊጹካ ይሓልፍ ማለት ድዩ?”

“ኣምላኽ ይመስገን ክሳብ ሕጂ ክሳብ ከምኡ ዝበጽሕ ተሸጊረ ኣይፈልጥን እየ። ንእሽቶ ጸገም ኣብ ዘጋጥመኒ እዋን ግዱ ግርህ ኢሉ ዝሕግዘኒ ሰብ ረኺበ ኣይፈልጥን እየ።”

“እቲ ጠንቂ እንታይ ይመስለካ?”

“እቲ ጠንቂ ስለ ዘይተረድኣኒ እኮ እየ ገለ እንተ ሓገዙኒ ዝድውለልካ ዘለኹ።”

“ሕራይ ካልኦት ሰባት ንጸገማት ሰባት ክሕግዙኸ ኣጋጢሙምኻዶ ይፈልጡ?”

“ብዙሕ ግዜ!”

“እሞ እቲ ጸገም ኣየናካ ከይህሉ ቀሪብ ሓሲብካሉ ትፈልጥዶ?”

“እንታይ ማለትካ እዩ?”

“ሰባት ንዓኻ ክሕግዙ ግዴታ ዘለዎም ኮይኑ ድዩ ዝስመዓካ?”

“ኣብሂልካ ፈጺሙ ኣይተረድኣንን።”

“ሓገዝ ብኸመይ ከም ዝሕተት ትፈልጥዶ?”

“ሓገዝ ንምሕታትከ ቀንቀኛ ኣለዎ ድዩ? ኣነ ክጽገም እንከለኹ . . .።”

ኩላትና ኣብ ህይወትና ብውሕዱ ሓደ ጥቁው መዳሪ ንፈልጥ ኾንና ኢና። ወዮ መዳሪ ብጥንቃቐ መርጹ ኣብ ልብና ዝወቐርም ቃላት ንሓዋሩ ምኽና ዝብዑ ክኾኑ ይኽእሉ። ሩድያርድ ኪፕሊንግ ሓደ እዋን “ቃላት ኣብ ጥቕሚ ሰባት ካብ ዝወዓሉ ነገራት፡ እቲ ዝበርትዐ መድሃኒት እዩ።” ኢሉ ነይሩ። ኩላትና ብሓይሊ ቃላት ልብና ዝረሰረሱ ገለ እዋን ምዝካር ዘኸብደና ኩይኑ ኣይስመዓናን።

ጆን ግራይንደርን ሪቻርድ ባንድለርን ንዕወታት ሰባት ክጽንዑ እንከለዉ፡ ሓያሎ ናይ ሓባር መለለዪ ባህርያት ረኺቦምሎም። ልዕሊ ኹሉ ኣገዳሲ ዝኾነ ባህርያቶም፡ ቅኑዕ ዝኾነ ናይ ምርድዳእ ብቕዓት ኣለዎም። ግራይንደርን ባንድለርን መብዛሕትኦም ዕዉታት ኣካየድቲ ስራሕ ብህጹጽ ሓበሬታ ናይ ምርኻብን ንዘተረድኦዎ ጉዳይ ብምሓዝ ምስ ካልኦት ሰባት ናይ ምውሳኣጥን ፍሉይ ክእለት ከም ዘለዎም ተረዲኦም። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ሓሳባቶም ብቕኑዕ ንምምሕልላፍ ምእንቲ ክኽእሉ፡ ቀንዲ መፍትሒ ዝኾኑ ሓረጋትን ቃላትን ብዝግባእ ሓርዮም እዮም ዝጥቀሙ።

ዕዉታት ሰባት ንኹሉ ነገር ፈትፊቶም ክፈልጡ ከም ዘድልዮም ይኣምኑ። ኣብ መንኣ ክፈልጥዎም ዘድልዮምን ዘጽደልዮምን ነገራት ዘሎ ፍልዩት ኣማእዚኖም ብምርዳእ፡ ምፍላጥ ኣብ ዘድልዮም ነገራት ጥራይ የድህቡ። ባንድለርን ግራይንደርን ዝጸሓፉዎ መጽናዕቲ ብዝምልከት፡ ዝኾነ ዘርም ነገር የብሉን። ሓደ ካርታ፡ ባዕሉ እቲ ግዝኣት ከም ዘይኮነ ቅድሚ ሕጂ ጠቒስናዮ ነይርና ኢና። ንልምድታትና ንምግላጽ እንጥቀመሉ ቃላት እውን ንባዕላቶም ልምድታትና ኣይኮኑን። በቃ ሓሳባትና ንኽንገልጽ ዘኽእለና ዝሓሸ ኣፋዊ ወኪላት እዮም።

ከንዲ ዝኾነ ሓደ ካብ መለክዒ ዓወትና፡ “ቃላትና ንእንደልዮ ነገር ክሳብ ክንደይ የመሓልልፉ?” ዝብል ሕቶ ይኸውን። ብኻልእ ኣዘራረባ ካርታና ንግዝኣትና ክሳብ ክንደይ ከም ዝገልጽ ከረጋግጽ ኣለና ማለት እዩ። ቃላት ልክዕ ከም ተኣምራት ከይተፈለጠና ንስምዒትና ዝተኽእሉ ግዜያት ከም እንዝክር፡ ብመንጽሩ ምስ ካልኦት ሰባት ዘለና ርክብ ብቓላት ንምግላጽ ካብ እንኽእሎ ንላዕሊ ተሰፋ ዘቐርጽ ኩይኑ ዝተሓማሰሉ ግዜያት ክንዝክር ንኽእል ኢና። ምናልባት ንሕና ንዖና ብዘማስልና ሓደ ነገር ንበል ከም ዘለና ዋላ እንተ ሓሰብና፡ ካልኦት ሰባት ብኣንጻሩ ክትርጉምዎ ይኽእሉ። ምእንቲ'ዚ ቅኑዕት ቃላት ንሰባት ሓጊዚ ብዘኾኑ ኣንፈት ከሚቲ ዘንቀሳቐሶም፡ ቅጥዒ ዘይብሎም ቃላት ናብ ግጉይ ኣንፈት ክመርሕዎም ይኽእሉ።

ቃላት መንደቕ ክኾኑ ይኽእሉ። ድንድል ክኾኑ እውን ልዑል ተኽእሎ ኣሎ። ዕዉታት ሰባት ንቓላት ከም ድንድል ይጥቀሙሎም። ንቓላት ንሰባት ኣብ ምምቕቓል ዘይኮኑ ንሰባት ኣብ ምጥማር ክንጥቀመሎም ይግባእ።

ዕዉታት ሰባት ድላዮም ንኽረኽቡ ኣብ ምሕታት ኣይሓፍሩን እዮም። ምሕታት ቀሊል ክእለት ኣይኮነን። እቲ ዝሓትት እዩ ዝፈልጥ። እቲ ዝሓትት እዩ ዝረክብ። ነቲ ቅኑዕ ሕቶ ንምሕታት ዝሕግዙኻ ሓሙሽተ ነጥብታት እዞም ዝስዕቡ እዮም፡

1. ፈሊኻ ሕተት፦ እቲ ዘድልየካ ነገር ብዝርዝር ምግላጽ ተመሪጺ'ዩ። መዓስ? ኣበይ? ብኸመይ? ምስ መን? ኢልካ ብዝርዝር ሕተት። ክትልቃሕ እንተ ደሊኻ ኣተሓሕታ እንተ ኣጸቢ'ቕካ፡ ድላይካ ከም እትረኽብ ርዱእ'ዩ። “ሓደሽ ትካል ክኸፍት ተበጊሰ ስለ ዘለኹ፡ ተወሳኺ ገንዘብ የድልየኒ ኣሎ። በጃኻ ሒደት ገንዘብ ኣለቅሓኒ።” ብድብድቡ እንተ ሓቲትካ ግን፡ ዝደለኻዮ ልቓሕ ክትረክብ ኣይትኽእልን። እቲ እትደልዮ ንምንታይን መዓስን ከም እትደልዮ ብሓቂ ፈሊኻ ምግላጽ የድልየካ። በቲ እትረኽቦ ገንዘብ፡ ገለ ነገር ክትገብር ከም እትኽእል ከተእምን ክትክእል ኣሎካ።

2. ክሕግዘካ ንዝኽእል ሰብ ሕተት። ዝኾነ ሰብ ካብ ዘይብሉ ክህበካ ኣይክእልን'ዩ። ክትሓትቶ ዝግበኣካ እምበር፡ ከም ኮነታቱ እዩ። ፍልጠት እንተ ደሊኻ ንፈላጥ ሕተት። ገንዘብ እንተ ኣድልዩኻ፡ ነቲ ገንዘብ ዘለዎ ተወከሶ። ብዝዕበ ኮነታት ስራሕ ክትፈልጥ እንተ ደሊኻ፡ ነቲ መኪሮ ስራሕ ዘለዎ ከተማኽር ይግባእ። ምስ በዓልቲ ቤትካ ገለ ጸገም ኣሎካ እሞ ንበል፡ ሓዳርካ ከይብተን ጽኑዕ ድሌት እንተ'ልዩካ፡ ፈለማ ክልቲኹም ሃዲእኩም እትፈትሕሉ ባይታ ክተጣጥሕ ይግባእ። እዚ እንተ ዘየሰምሪኑልካ፡ ምኽሪ ካብ ዕዉታት ሰብ ሓዳር ሕተት። የግዳስ ካብቲ ከም ናትካ ጸገም ሓዳር ዘለዎ ሰብ ምኽሪ እንተ ሓቲትካ፡ ድላይካ ክሰምረልካ ይኽእል ድዩ? ከቶ ክሰምረልካ ኣይክእልን እዩ።

ዝሓሸ ዝምድና፡ ዝሓሸ ስራሕ፡ ገንዘብካ ከተውፍረሉ እትኽእለሉ ኣድማዒ ውጥን፡ ወይ ካልእ ነገር ክትደሊ ትኽእል ኢኻ። እዚ ናይ ብዙሓት ሰባት ባህጊ እዩ። እቲ ጸገም ዝኸውን እምበኣር፡ ቅኑዓት ኣማኸርቲ ኣብ ምርካብ እዩ። እቶም ምኽሪ እትሓትዮም ሰባት፡ ብሓቂ እንታይ ክዝበሩልካ ኢኻ እትደሊ? ዚ ኣቐዲምካ ክትሓስቦ ይግባእ። ካብ ሰባት እንጸበዮ ሓገዝ መብዛሕትኡ ግዜ ክውንታዊ ኣይኮነን። ዝኾነ ሰብ ሽሕ ግዜ ቀሪቢኻ ይኸውን ወትሩ እናሓገዞካ ክነብር ኣጸጋሚ እዩ። ምእንቲ'ዚ፡ ቀልጢፍካ ነብስኻ እትኽእሉ መንገዲ ሃሰው ክትብል ይግባእ።

3. ነቲ እትሓትቶ ሰብ ክብሪ ሃብ። ንሓደ ሰብ ገለ ነገር ስለ ዝሓተትካዮ ጥራይ፡ ዝደለኻዮ ነገር ክህበካ ኣይትጸበ፡ ቅድም ቀዳድም ንሰኻ ብኸመይ ክትሕግዞ ከም እትኽእል ጸቢቑ ገይርካ ሕሰብ። ሓደ ናይ ስራሕ መደብ እንተ'ልዩካ እሞ ነቲ ሓሳብ ናብ ተግባር ንምቕያር ገንዘብ ምስ ዘድልየካ፡ ክሕግዘካ ዝኽእል ኣብ'ቲ ስራሕ ዝረብሕን ሰብ ክትረክብ ሃሰው በል። እቲ ሓሳብ ንዓኻን ነቲ ዝሕግዘካ ሰብን ብኸመይ ከም ዘርብሓኩም ኣርእዮ። እቲ መደብ ስራሕ መኽሰብ ናይ ምምጻኡ ጉዳይ፡ ኩሉ ሻብ ተጨቢጡ ዘይክኸውን ይኽእል'ዩ። ንሰኻ ነቲ ዘለቅሓካ ሰብ እትህቦ ክብሪ፡ ምናልባት ብመንጽር እቲ ንሰኻ ዝሓሰብካዮ ምስ ስምዒትካ ወይ ምስቲ እትሓልሞ ነገር ዝተተሓዘ ክኸውን ይኽእል። የግዳስ ከምኡ ምግባርካ ጥራይ ንባዕሉ እኹል ድዩ? ንኣብነት ናብ ሓደ ሰብ ከይድካ፡ 50,000 ናቕፋ ከም ዘድልየካ ክትሓትቶ ትኽእል ኢኻ፡ “ንዓኻ ጥራይ ዘይኮነ ንኻልኦት ሰባት እውን እዚ መጠን ገንዘብ የድልዮም እዩ።” ዝብል መልሲ ክወሃበካ ይኽእል ይኸውን። ምናልባት ነቲ ገንዘብ ኣብ ህይወት ሓያሎ ሰባት ለውጢ ከምጽእ ኣብ ዝኽእል ጉዳይ ከተውዕሎ ከም እትደሊ ክትገልጽ እንተ ጀሚርካ ግዱ እቲ ኣለቅሓዊ እትብሎ ዘለኻ ሰብ ብጽሞና ክሰምዓካ ዓቕሊ ክዕብር ይኽእል ይኸውን። ብፍሉይ ከኣ ንኻልኦት ብኸመይ ክትሕግዝ ከም እትደሊን ንዓኡየም ኩነ ንገዛእ ርእስኻ ብኸመይ ከም እተርብሕ እንተ ኣርኢኻዮ፡ ወዮ ኣለቃሒኻ ንዓኻ ብምሕጋዙ፡ እኽላይ ንገዛእ ርእሱ ክብሪ ከውህቦ ከም ዝኽእል ይርዳእ።

4. ብሓቂ ርግጸኛ እምንቶ ሕተት። ኣብቲ ወኒ መንገዲ ምስ በጻሕካ ክትማሃእ እንተ ጀሚርካ፡ ንውድቀት ክልተ ኢድካ ሓፍ ኣቢልካ ክትሰግደላ ጀሚርካ ኣለኻ። ንሰኻ ኣብቲ እትሓተሉ ጉዳይ ጽኑዕ እምንቶ እንተ ዘይብልካ ኾይኑ፡ ካልኦት ኣብቲ ንሰኻ እትሓቶ ከመይ ገይሮም እምንቶ ከሕድሩ ይኽእሉ? ከንዲ ዝኾነ ክትሓትት እንከለኻ፡ ምሉእ ብምሉእ ርግጸኛ ክትከውን ይግባእ። ከም እትዕወት ርግጸኛ ምኳንካ ኣርኢ። ንገዛእ ርእሰኻ ጥራይ ዘይኮኑ ነቲ እትሓትቶ ሰብ እውን ክብሪ ዘለዎ ነገር ከም እተምጽእ ኣረጋግጽ።

እናሓገዝኦ ገለ ሰባት ዛዛም ኣቐዲሞም እተጠቕሱ ኣርባዕተ መምርሒታት ብዝግባእ ይፍጽሙ እዮም። ነቲ ዝደልዩዎ ነገር ፈልዮም የፍልጡ። ክሕግዞም ንዝኽእል ሰብ ይሓትቱ። የግዳስ ዚ ኹሉ ገይሮም ክነሶም፡ ነቲ ዝደልዩዎ ነገር ኣይረኽቡን። እቲ ጠንቂ ነቲ ሓሙሻይ ስጉምቲ ዘይምውሳዶም እዩ። እዚ ኸኣ ነቲ ዝደልዩዎ ክሳብ ዝረኽቡ ስለ ዘይሓትቱ እዩ።

5. ነቲ እትደልዮ ነገር ክሳብ እትረክብ ሕተት። እትደልዮ ነገር ንምርካብ ንሓደ ሰብ ምስ ሓቲትካ ኣላሽ ክትብል ኣይግባእን። ብዘመሳሰለ ኣገባብ ወይ ኩነት ደጋጊምካ ምሕታት ማለት እውን ኣይኮነን። ነቲ ናይ መጠረሽታ ናይ ዓወት ቀመር ዘጨብጥ ጉዳይ ንምፍላጥ፡ ስምዒትካ ከተሰልጥን ከም ዘድልየካን ብውልቅኻ ስጉምትኻ ክትቅይር ከም ዝግባእን ዘክር። ከንዲ ዝኾነ፡ ኣብቲ እትሓትተሉ እዋን ነቲ እትደልዮ ጉዳይ ክሳብ እተኻውን ኣገይዳኻ ምቕይያርን ምምዕርራይን የድልየካ። ንህይወት ተጠሚትካ ሰባት ብዝግባእ ከተጽንዕ እንከለኻ፡ ንሳቶም ንዝሓተቱዎ ክሳብ ዝረኽቡ ኣደዳም ኣጥማሚሮም ከም ዘዐርፉ ኢኻ እትርዳእ። ዝደለዩዎ ማዕጾ ክሳብ ዝኸፈተሎም ከቶ ምኹሕኳሕ ኣይገብርቡን እዮም።

ቋንቋ ንእንታይነት ሓደ ሕብረተሰብ ከም ዘንጸባርቕ ክሰሓተዮ ኣይግባእን። ንኣብነት ንሓደ ኢስኪሞ ንበረድ ዝገልጹሉ ብርክት ዝበሉ ቃላት ኣለውዎ። ስለምንታይ? ምኽንያቱ ዕዉት ኢስኪሞ ንኽትነብር ኣብ መንጎ ብርክት ዝበሉ ዓይነታት በረድ ዘሎ ፍልልይ ብዝግባእ ክትፈሊ ትጽቢት ይግበረልካ። ክትነብረሉ እንከለኻ ሃደሽ ዝበል በረድ፡ ንመስርሒ ገዛ ዘገልግል ተረር በረድ፡ ብኣኻልብ ብዝጕተቱ ዓረብያ ንኽትጓዓዘሉ ዝጥዕም በረድ፡ ንመግቢ እትጥቀመሉ በረድ ከምኡ'ውን ብቐሊሉ ናብ ዝስተ ማይ ዝቕየር ዓይነት በረድ ኣሎ። እዚ ንየም ሳሕቲ ኣብ እዋን ክረምቲ ጥራይ ሒደት በረድ እንርኢ ህዝቢ ብዙሕ ከበድቲ ኣይኮኑን እዩ። ምእንቲ'ዚ ነቲ ዝዕየዳ ዘበድስና ኣማእዚንና ምፍላጥ የድሊ።

ካብ ኩሉ ብዮምት ካብ ምዝራብን ምስራሕን ክንቅንጠብ ይግባእ። ግዮምት ናይ ሓደ ድኹም ሰብ መለለዪ እዩ። ግዮምት መብዛሕትኡ ግዜ ናብ ጌጋ እዩ ዝመርሓና። ኣብ መጠረሽታ ኸኣ ምስ ሓያሎ ሰባት የባእሰና።

ገለ ሰባት ኣዘራርባኦም ካብ ዘይጭብጥ ምሕፉሸንምምጥታትን ዝሓልፍ ኣይኮነን። እዚ ንዝምድና ሰባት ምሕር ዘዳኽም እዩ። ሰባት ብሓቂ ፈልዮም እንታይ ከም ዘጨንቖም እንተ ገለጹምልካ፡ ንሰኻ እውን በቲ ዝተረድኣካ መንገዲ ብዓቕምኻ ክትሕግዞም ትኽእል ኢኻ። እቶም ሰባት ዘይንጹራት ሓረጋት ዝጥቀሙ እንተ ኾይኖም ግን፡ ንሰኻ እውን ኣብ ናቶም ኣእምሮኣዊ ዕምባባ ክትውሓጥ ትኽእል ኢኻ።

ብኣድማዒ ኣገባብ ምስ ሰባት ጸቢቕ ርክብ ክትፈጥር እንተ ደሊኻ ዘይንጹር ኣጠቓቕማ ቋንቋ ሃንደበት ከጋጥመካ እንከሎ፡ ገዛእ ርእሰኻ ኣረጋጊእካ እተፈልየ መልሲ ንኽትረኽብ ብኸመይ ክትሓትት ከም ዘሎካ ክትፈልጥ ይግባእ። ካብ ብዮምት ምዝራብ ከድሕነካ ዝኽእል ሓደ እኹል ሓበሬታ ክትረክብ ምጽዓር ምዃኑ ድማ ዘይምርሳዕ።

*“ሓሳብ ንቋንቋ ዝረግኦ እንተ ኾይኑ፡ ቋንቋ እውን ንሓሳብ ክረግኦ ይኽእል እዩ።” - ጆርጅ ኦርዌል*

*“ኣብ ህይወት እቲ ቀጻልን ኣገዳስን ሕቶ፡ ‘ንስኻ ንኻልኦት እንታይ ትገብር ኣለኻ?’ ዝብል እዩ።” - ማርቲን ሉተር ኪንግ*

ይቕጽል



# ብደሆ ትምህርቲ ኣብ ወለዶ ምዕቡል ቴክኖሎጂ

ገርጊስ ፍቓድ

ብብእዋኑ ብቐጻልነ መማዘኡ ንንጥፈታት ስርዓተ-ዓለም ዘዕብልል ዘሎ ቴክኖሎጂ ሓብሬታ፡ ኣገዳሲ ጸላዊ መትኒ ህይወት ኮይኑ ኣሎ። እዋናዊ ምህዞታቱ ንህልውና መጻኢን ከኣ ተቓታት መሰብርን ብልሒ ኣእምሮን ደቂ-ሰብ ዘማእዝን ሰማፍልጡ ኢዩ።

ኩሉ ጊዜ ካብ ሕሉፍ ሰጊርካ ብዛዕባ ህልውን መጻኢን ንምእማም፣ ብቐዳምነት ኣብ ግምት ዘእቱ መማዝኒ ረቛሒ፣ ኣብዚ ወለዶ'ዚ ዘለዉ መንእሰያትን ህጻናትን ኢያም። መልክዒ ስልጣን ምዕባለን ሕብረተሰብ ከኣ ትምህርቲ፣ ምርምር፣ ምህዞን ቴክኖሎጅን ኢያም።

ናይ'ዚ ዘለናዮ መድረኽ ተመሃሮ ኣብ ትምህርቲ ጸገም ኣለዎም ዚብል ስክፍታ ብደረጃ ዓለም ኣካታዕን ኣዛራብን ኮይኑ ኣሎ። እቲ ጸገም ኣብ ሰሌዳ ዝቐርብ ትምህርትን መግለጺን ምርዳእ ዘይካኣሉ ኣብ ምዕቡላት ሞባይላቶም ዘሎ ኣነቓቓሒ ኣፕሊኬሽናት ንኣቓልቦኦም ስለዘሰልቡ ኣብ ትምህርቲ ንከየድህቡ ይዕንቅጾም። ናይ ሎሚ ወለዶ ዘብዝሉ ኣብ ክልተ ምድባት ተኸፊሎም ዘረኣዩ ኮይናም፡ ትሕቲ 25 ዓመት ዝዕድሚኦምን ትሕቲ 10 ዓመት ዝዕድሚኦምን ኩሎም ኣብ መድረኽ ምዕቡልን ዝተራቐቐን ቴክኖሎጂ ሓብሬታ ስለዝተወልዱ፡ ኣብ ሓሳባውን ግብራውን ቅመራ ትምህርቲ ከይተሸገሩ ኣደኻኻኦም ኣብ ምምላኽን ምጥውዋቕን መፋትሕ ኣፕሊኬሽናት ዘድሃበ ኢዩ።

እዞም ወለዶ ዲጂታላዊ ሚድያን ቴክኖሎጅን እንብሎም፡ እቶም ትሕቲ 25 ዓመት ዝበዝሉ ምስ ዝተራቐቐ ምህዞ ኢንተርነትን መርበባት ሓበሬታታቱን፣ እቶም ትሕቲ 10 ዓመት ዘበዝሉ ከኣ ምስ ዝተራቐቓ ታብሌታትን ሞባይላትን ዝተወልዱን ዚዓብዩን ናይ ኣገዳሲ ፈጣንን ምዕቡልን ዘመኑ ቴክኖሎጂ ወለዶ ኢያም። ኣብ ከምዚ ዓይነት ባህርን ምህዞታትን ዘለዎ መድረኽ ንዝዓብዩ ተመሃሮ ህጻናት ምምሃር፡ ንመምህራን በዓቢ ዕዮ ኮይኑ ኣሎ። እቲ ልምዳዊ ስርዓተ-ትምህርቲ ከም ዕላማን ከምቲ ውጥኑን ኣብ ዘይሰርሓሉ ኩነታት በጺሑ ይርከብ።

መጀመርታዊ ደረጃ ምዕባለ ሓንጎል ሰብ ዝተሓላለኸ ኣርእስቲ ኢዩ። ኣብዘን ናይ ቀረባ ዚሓለፉ ዓመታት ኣህጉራውያን ክኢላታት ተመራመርቲ፣ ምዕቡላት ሞባይላት (smart phone)፣ ማሕበራዊ ሚድያን ምስኡ ዚተኣሳሰሩ ምህዞታትን መሳለጥያታትን ኣተኩሮ ህጻናት ኣብ ምምዛብል ዘለዎም ጽልዋ ንምምዛንን፡ ዕቱብ መጽናዕትታትን ፈተነታትን ኣካይዶም። ሓደ ካብቶም ተመራመርቲ ዶክተር ጃም ተይለር "ቴክኖሎጂ ማሕበራዊ ሚድያ ፈጣን በሪ ርክብ ኢንተርነትን ምዕቡላት ሞባይላትን ንናይ ህጻናት ደረጃ ብቕዓት ምስትውዓል ይሃስዩ ከምዘለዉ ብጮብጢ ተረጋጊጹ ስለዘሎ፣ ኣተሓሳስባ ህጻናት ንምቕያርን ሓንጎሎም ንምምዕባልን ዚሕግዝ መሰረታዊ ለውጥን ሓዱሽ ኣገባብን ነተኣታቱ ኣሎና" ይብል።

ዝተፈላለዩ መምህራን ናይ ምዕቡላት ሃገራት ዘለዎም ሓብራዊ ስክፍታታት፣ ምጥቃምን ምውናንን ምዕቡላት ተሌፎናት፡ ንኣእምሮኣዊ ምዕባለ ህጻናት ጸላውን ዓንቃፍን ይኾውን ስለዝሎ፡ ኣርቀቕትን ኣተግባርትን ፖሊሲ ስርዓተ-ትምህርቲ ዝዚ ጸገም'ዚ እንበደሃሉ ፍታሕ ከቕርቡ ከምዝለዎም ይምሕጸኑ። ኣብቲ ልምዳዊ ኣገባብ ኣመሃህራ ጽልዋ ቴክኖሎጂ ብጉጹር'ዩ ዚንጸባረቕ ዘሎ። ህጻናት ተመሃሮ ነቲ ንባብ ሓዚል ዲጂታላዊ መደባት ብምግዳፍ፡ ብዚያዳ ኣብቲ ስእላዊ መደባት ዝበዝሖ ከም ኢንስታግራምን ስናፕቻትን ይዝንብሉ። ናይ ማእከላይ ደረጃ ምኽርቲ መምህር ኤራ ስዊፍት "ኣብዚ እዋን'ዚ ተመሃሮ ብዝዩ ዕረፍቲ ንውሕ ዝበለ ጽሑፋት ምንባብ ከም ኣሰልችውን ኣደካምን ይርእይዎ። ናይ ቀደም ተመሃሮ ግን፡ ንውሕ ዝበለ ናይ ምንባብ ልምዲ ነይርዎም። ሕጂ ግን ክንዲ ምንባብን ምስራሕን፣ ኣብ ንጥፈታት ኣካዳሚ ምስልቻው፣ደጋገምካ ዕረፍቲ ምሕታትን ምዕላልን ይፈትዉ" ብምባል ብዕቱብ ተገዲሳ ከምዘሎ ከምዝዝረብ ትገልጽ።

መብዛሕትኦም ተመሃሮ ናይ ዚመሃርዎ ትሕዝቶ ክንዲ ብብርዕን ብወረቐትን ማዕከር ዘጽሕፉ፣ ነቲ ኣርእስትን መደብትን እናመረጹ ብዲጂታላዊ ረቒቕ ቅዳሕ እናሰነዱ ኣብ ስክሪን ክርእይዎ ይመርጹ። ንክትመሃር ዚግበር ዕቱብ ኣቓልቦ፣ ንመጽናዕቲ ዘውፈ ግዜን ጸዓትን ንላዕሊ እዋናት ካብን ናብን ስክሪን እናፈተሸካ ብምዝናይ ይትካእ። ኣብ ትምህርቲ ብኣድህቦ ምክትታል፣ ናይ ምዝኻር ዓቕሚ ብምብርባር ንዝለዓለ ናይ ምምሃር ዕድላት ዓብ ዘርሕውን ብዕምቈት ክትከታተል ዘኽእልን ሜላ ኢዩ። ህጻናት ከምቲ ዝተሓንጸጸሎም ኣገባብ ኣመሃህራ ናይ ምድሃብን ምስትውዓልን ዓቕሞም እንተዘይማዕብሉ፡ ገለ ነገር ክቕስሙ ይኹን ዘረኽብዎ ሓበሬታ ከምስርሑ ኣጸጋሚ ኢዩ።

ስለ'ዚ፡ ንዝረኸብዎ ሓበሬታ ኣብ ዝኸሪ ኣእምሮ ብምጽናዕ ከትርጉምዎ፡ ብጽማረ ከፈላልዩ፡ ከትንትኑ፡ ከህይሱን ኣገዲፎም ከኣ ኣብ ፍታሕን መደምደምታን ከበጽሑን ኣይክእሉን። ገለ ገለ መምህራን ተመሃሮኦም ነዋሕቲ መግለጺታት ዘይጸውሩ ምኽንያም ምስ ረኣዩ ኑቲ ከመሓላልፍዎ ዝተመደበ ውጥን ትምህርቲ ጉናዲም የሕጽርዎ። ኣሕጺርካ ምቕራብ ዝሓሸዩ ዚብል መረዳእታ ኣለዎም። ብኣንጻሩ ገለ ገለ መምህራን ከኣ ኣቓልቦ ተመሃሮ ንምርግጋጽ ከበድቲ ዕዮታት ልምምድ ብምሃብ ምጽማድን ብጽሞና ከም ዘስተንትኑን ኪገብርዎም ይፍትኑ።

ዳርጋ ዝበዝሓ ናይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ኣብ ስርዓተ-ትምህርቲ ናይ መድያ-ቴክ ሓጋዚ መደባት ኣተኣታትየን ኣለዋ። ሓደ-ሓደ መምህራን ምርጫኦም "ንተመሃሮ ኣብ ዘለውዎ መድረኽ ምርካቦም" ዚብል ኮይኑ ብኢንስታግራምን ዩትዩብን ይጥቀሙ። ከምዚኦም ዘኣመሰሉ መድረኻት መራኸብታት ንደሊት ተመሃሮ ዘንጸባርቑ ኣብ ዝኾኑሉ እዋን ማሰጥትን ኣደኻሮ ዘረኽብሉን ይኾኑ። እቲ ዕላማ ኣብቲ ስሩዕ ስርዓተ ትምህርቲ ንተመሃሮ ብዘምስጥ ኣገባብ ኣገዳሲ ሓበሬታታት ትምህርቲ ከምዝቕስሙ ምግባር ኢዩ። ኩሉ ዘወሃብ ሓበሬታን ትምህርትን መድረኻዊ እዋናውነት ዚሓለወ ኮይኑ ምስ ዘመናዊት ዓለምም ዘወሃሃደ ኪኸውን የድሊ።

ተመሃሮ ዚሕተቱሉ፡ ዘምልሱሉን ዚሳተፉሉን ኣገባብ ቅጽበታዊ ምስ ማሰመር መርበብ ሓበሬታ ኢንተርኔት ዚተኣሳሰረ እንተኾይኑ፣ እቲ ተሳታፍነት ኣብ መምህራንን ተማሃሮን ጥራሕ ዝተሓጽረ ዘይካሰ ግዱሳት ወለዲ'ውን ኑቲ ማስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዘምዝኑብ ምዕባለ ደቆምን ኣብ ዝዘለውዎ ሃልዮም ብዝለጸን ፍጡንን ኣገባብ ከክታተልዎ ይኽእሉ። ናይ'ዚ መድረኽ'ዚ ተመሃሮ ብዓበይቲ መጻሕፍትን ካልእ ሰነዳትን ከይተሸገሩ፣ ሓንቲ ንእሽቶ ላፕቶፕ ወይ ታብሌት ሒዞም ዲጂታላዊ ቤተ መጻሕፍቲ ብምውካስ፣ ኣማኢትን ኣሽሓትን ረቒቕ ቅዱሓት ሰነዳት ትምህርቲ ብምውህሃል ከዕጽኑን ኪመሃሩን ዕድል ዝተረሓወሎም ስለዝኾኑ፣ እቲ ቅዲ ኣመሃህራ ብዘመናውነት ዝተቐየሰ ኪኸውን ይጥሉብ። ተደራቢ ሰኸሞም (መኸዚ ሓበሬታ) ብፕሮግራማት ዘምዝን ፍላሽ ወይ ሚሞሪ ጥራሕ ኢዩ።

ኣቓልቦ ተመሃሮ ዘይምስጥ ኣገባብ ኣመሃህራን መምህርን ኣፍሪዱ ኪኸውን ኣይክእልን። እዞም ዘመናውያን ወለዶ ምህዞን ሰንዓን ቴክኖሎጂ፣ ካብ ኣሊዮቶምን ኢያታዮምን ንላዕሊ ምስ ሓያሎቲ ምህዞታትን ምዕባለታቱን እናተላለዩ ናይ ምኻድ ዕድልን መጻኢን ዘለዎም ኢያም። እቲ ናይ ጸባሕ መሰረት ሎሚ ስለዝህነጽ ግዱ ኑቲ ህልው መድረኽ ዘፈጠሮ ብደሆ ዚመጣጠን ባይታ ምጥጣሕ የድሊ። እቲ ልምዳዊ ኣገባብ ኣመሃህራ፣ መጻሕፍቲ ምንባብን ኣብ ጥራውዝቲ ዘጽናዕ ማዕከር ምጽሓፍን ብርኢይ እናተዳኸመ ምኻዱ ትምህርቲ ተገናዲቡ ዘበል ወይ ተሰፉ ዘቓርጽ ኪኸውን የብሉን።

ኣብ ዲጂታላዊ ዓለም ዓውለማ፡ዲጂታላዊ ኣገባብ ኣመሃህራ ከምዕብል እቲ ህልው መድረኽ ዘጠልቦኹውን'ኳ ኢዩ። ቴክኖሎጂ ብሓደ ወገን ኑቲ ብዘጸንሐ ስርዓተ ትምህርቲ ዝተቐየሰ ልምዳዊ ኣገባብ ኣመሃህራ ብሰሌዳ፣በመጻሕፍቲ፣ብምጽሓፍን ምንባብን ዘወሃብ ዘሎ'ኳ እንተመሳሰለ፣ብካልእ ኣገባብ ግን ዝሰፍሐ መወከሲ ብምውዳድ ስሉጥነትን ምቹእነትን ዘለዎ ዕድላት ማስርሕ ትምህርቲ ይኸፍት ስለዘሎ፣ ምስ መድረኽ ብዚሰ ኣገባብ ምኽላስን ምምዕርራይን የድሊ።

ብደረጃ ዓለም ኣብ ቴክኖሎጂያዊ ትምህርቲ (edtech) መራሒት ዘላ ሃገር ሕ.መ.ኣመሪካ ኮይና፡ ኣብዚ ጽላት'ዚ ዚተዋፈራ ኩባንያታት ኣብ ዝሓለፈ ዓመት 2018 ናይ 1.45 ቢልዮን ዶላር ወጻኢታት ከምዝገበራ ይግለጽ። ኣብዚ መዳይ'ዚ መራሕነት ዘጨብጣ ከም ፊሊፒንስን ሌክሲዮን ዘኣመሰሉ ዋኒን ትካላት ትምህርቲ ቴክኖሎጂ፣ ኣብዚ እዋን'ዚ ካብ ካልኦት ኣህጉር ተወዳደርቲ የጋጥምወን ኣለዉ። ኣብ ሃገራት ምብራቕ ኤስያ ኢንዱስትሪ ቴክኖሎጂያዊ ትምህርቲ ብናህሪ የኳዕልዕ ኣሎ።

ብዙሓት መምህራን ንደሊታት ተመሃሮ ኣብ ግምት ብምእታው ይኹን፣ ኣገባብ ኣመሃህራ ብዘለልጠ ዝሰለጠን ኣገባብ ንምስልሳል ብዚብል ሓሳብ፣ ኣብ ዘምህርዎ ክፍልታት ዘመናዊ መሳርሒታት ቴክኖሎጅን መራኸብታትን እናተኣታተዉ። ኣመሃህራኦም ዲጂታላዊ ንምግባር ዘጽዕሩ ኣለዉ። ይኹን'ምበር፣ ብዝተፈላለየ ግብራዊ መጽናዕትታት ከምዝተረጋገጸ፣ እቶም ብልምዳዊ ኣገባብ ኣመሃህራ ብስሩዕ ክፍልታትን ሓጊዚ መማሪ ናውትን ዚመሃሩ ተመሃሮ፣ ዚሓሸ ብልሒ ኣእምሮን ብሉጽነትን ኣለዎም። ኣብ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ብሪጣንያ ብዝተገብረ መጽናዕታዊ ፈተነ፣ ተመሃሮ ኣብ መማሪ ክፍልታት ሞባይል ቴሌፎናት ሒዞም ንክይኣትዉ ድሕሪ ምኽልካሎም፡ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ መርመራ (ማትሪክ) ዝተመዝገበ ወጽኢት ኣዝዩ ኣተባባዒ ብሉጽን ኮይኑ። ተመሃሮ ካብ ኤለክትሮኒካዊ መሳርሒታት ወጻኢ ኣብ ደብተርም መዘኻኸሪ ምጽሓፍ ኑቲ ዘውሃብ ትምህርቲ ብዕቱብ ከክታተልዎ ከምዝኽኣሉም ተመሲኩ።

መምህራን ንተጻዋርነትን ትሑት ኣቓልቦን ተመሃሮ ኣብ ግምት ብምእታው ኑቲ ከምህርዎ ዚግባእ ኣርእስታትን ዝርዝራዊ ትሕዝቶኡን ብኣሕጽሮት ጥራሕ ቁራሪጽካ ምቕራብ ካብቲ ኪቕስምዎ ዚግባኦም ብዙሕ ስለዘጉድሉ ኣድማዕነት ኣይህልዎን። ናይ ኣገባብ ኣመሃህራ ተመራማሪን ፕሮፌሰር ኒውሮ ሰማፍልጡትን ዊልያም ክሌመን "ተመሃሮ ብመምህር ሓደ ኣርእስቲ ምስ ቀረበሎም ሕመረት ትሕዝቶኡ ንክርድኡን ክስተማቐሩን እኹል ግዜ የድልዮም። ሕዙግደፍ እንተኾይኑ ግን፡ ገለ ጣዕ ከይፈጨብጡ ይዛብረቕም" ይብል።

ብሓፈሻኡ ዘመናዊ ኣገባብ ኣመሃህራ፡ ካብ ግብራዊ ተመክሮን መድረኻዊ ኩነታትን ብምኽላስ ምስ ልምዳዊ ኣገባብ ኣመሃህራ ተዛሚዱ እንተተተግበሩ፡ እቲ ወጽኢቱ ዝያዳ ኣድማዕነት ከህልዎ ከምዝኽእል ርዱእ ኢዩ። ስለ'ዚ፡ ምስቲ ናይ ቀደም ደረቕካ ዘይምትራፍን ተረኽብ ኢልካ ከኣ ምስቲ ዘበናዊ ምህጻጽን ብዙሕ ዘይተደልየ ሃጓፋት ከፈጥር ይኽእል። ኩሎም ክኢላታት ስነ ምምህርና ዘሰማምዕሉ ጉዳይ ከኣ እቲ ብኣካል ቀጥታዊ ብመምህር ዘወሃብ ኣሳታፊ ኣስተምህሮ፣ መተካእታ ዘይብሉ ኣዝዩ ወጽኢታዊ ኣገባብ ኢዩ። ናይ ተመሃሮ ብቕዓት፣መንፍዓትን ድኻምነትን ኣብቲ ብቐጥታ ዚግበር ርክብ መምህርን ተማሃራይን ጥራይ'ዩ ብልክዕ ኪግምገም ዚኽእል።

ገለ ኣብ ዘበናዊ ዲጂታላውን ቴክኖሎጅያውን ኣገባብ ጥራሕ ብምትኳር ዘምህሩ መምህራን፡ ኣብ ሓደ ውሱን ቦታ(ገዛኦም) ኮይናም መደብ ኣስተምህሮኦም ኣብ ቪድዮ ብምምላእ ኣብ ከም ዩቱብ ዩትዩብ ዘኣመሰለ ፕሮግራማት ጸዒናም ይፍንውዎ። ኣብ ተመሃሮኦም ኣብቲ ልክዕ ግዜ ዘበጽሕ'ኳ እንተኾኑ፡ እቲ ኣገባብ ኣመሃህራ ከም ፊልም ምርኣይ ወይ ዝተቐድሐ ዘረባ ምስማዕ ጥራይ ስለዘኾውን ህይወት የብሉን - ኣድማዒ'ውን ኣይኮነን። ገለ ገለ መምህራን ከኣ ኑቲ ዘመናዊ ኣገባብ ኣመሃህራ ቴክኖሎጂያዊ ትምህርቲ ከምቲ ዘድለ ስለዘይመልክዎ ትምህርቲ ናይ ምምሕልላፍ ኣድማዕነቶም ይሃስስ።

እቶም ካብ ዚውለዱ ጀሚሮም ምስ ኢንተርነትን ቴክኖሎጂ ዲጂታላዊ ስርዓት ሓበሬታን ዝተላለዩ ዘበናውያን ተመሃሮ፣ ኣብ ምልክት'ቲ መራኸብታት ቴክኖሎጅን ምፍታሽመርበብትሓበሬታታትንብልህታትን ዝተራቐቑን ኢያም። ቴክኖሎጂ ብገለ ወገኑ ንንጥፈት ትምህርቲ ዘሃሲ'ኳ እንተመሳሰለ ብዕጽፍታት ዘረኣን ዘይረኣን መንገድታት ከኣ ንተመሃሮ ኣርባሒ ኢዩ። ብቴክኖሎጂ ዝተሃሰዩ ተመሃሮ፣ ቁሩብ ጽልኣት ዘሕደሩን ሃጎያትን ኢያም ዚኾኑ። ምኽንያቱ እቲ ኣብርቲያም ኣጸኒያም ብዙሕ ዓበይቲ

ናብ ገጽ 12 ይቕጽል ...






# ኡርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ፊዚካ | ሓይሊን ዋሕዚን ኤለክትሪክ

ምስ ትምህርቲን ህይወትን ዝተሓሓዝ ምዕዶታት



ኣብ ዝበዝሑ ኤለክትሪክያዊ መሳርሒታት ንዝሰከሙዎ ዓቐን ሓይሊ ኤለክትሪክን ዋሕዚ ኤለክትሪክን ዝገልጽ ተክኒካዊ መግለጺ ይጸሓፍ እዩ። ኣብ ገለ እዋን ተመሳሳሊ ሓይሊ ኤለክትሪክ እተፈላለየ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ይረአ እዩ። ብኸመይ በብይኑ ይኸውን? ንኸም ናይ ተለፎን ቻርጀር፡ ኣዳፕተር፡ ወዘተ. ዝኣመሰሉ መሳርሒታት ኣብ ኤለክትሪክሲቲ ተሰኪዖም እንክለው ብመልሓሶም ክፍትትዎ ንዕዘብ ኢና። ንምዃኑ ንሰብ ክጎድኦ ዝኽእል ዋሕዚ ኤለክትሪክ ክሳብ ክንደይ ኣምፐር ዝበጽሕ'ዩ?

ኣብ ቀዋሚ ተጻርርነት ዘሎዎ ግዝኣ፡ ምስ ምውሳኽ ዓቐን ሓይሊ ኤለክትሪክ (ቮልቴጅ)፡ ዋሕዚ ኤለክትሪክ (ካረንት) ክውሰኽ ግድን ይኸውን። ከምኡ'ውን ኣብ ቀዋሚ ቮልቴጅ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ይውሰኽ ወይ ይጉድል እንተ ሃልዩ፡ ኣብቲ ሰርኩይት ዝርከብ ተጻራርነት ነንበይኑ ኣሎ ማለት'ዩ። ዋሕዚ ኤለክትሪክ ዘይቅየር እንክሎ ኸኣ ሓይሊ ኤለክትሪክ (ቮልቴጅ) ዝፈላለየሉ ኣጋጢመ ክርከብ ይከኣል። እዚ'ውን ተጻራርነት ምስቲ ሓይሊ ኤለክትሪክ ይውሰኽ ወይ ይጉድል ስለ ዘሎ እዩ። ኣብ ሕጊ ኦሆም ንዘላ ቀመር - "V=IR" - ገይርና እተፈላለየ ዋጋ ብምሃብ ክንዕዘቦ ይከኣል። ኩሎም ብቐጥታ ስለ ዝጸላለው ቀሊል መረዳእታ ክውሰድ ይከኣል እዩ።

ንሰብ ክጎድእ ዝኽእል ዋሕዚ ኤለክትሪክ ክንደይ ምዃኑ ንምግላጽ ኣብ ግምት ክኣትው ዝግበኦም ረቛሒታት ኣለው። ሰብ ዝቑመሉ ቀመማዊ ውህደት (ከሚካል ሪኣክሽን) ካብ ንሓድሕድ ይፈላለ'ዩ። ንጽልዋ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ከኣ ብቐጥታ ይጸልዎ። ገለ ሰብ ተነቃፍቲ እዮም፣ ብ"ስታቲክ ኤለክትሪክሲቲ" ጥራይ ወለንታዊ ዘይኩኑ ምጭብባጥ ጭዋዳታትን ሃለዋት ምጥፋእን ከስዕበሎም ይኽእል። ገለኦም ብናይ መኪና ማዕጾ ዝተሓዙ ኣለው። መኪና ኣፍደገኣ ክንከፍቶ እንክለና መብረህቲ ውሽጢ ከም ዝውላዕ ይግበር እዩ። ነዚ ምኽፋትን ምዕጻውን ዝከታተል ውሑድ ዓቐን ዋሕዚ ኤለክትሪክ ኣብ ዙርያ እታ መኪና ኣሎ። እዚ ውሑድ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ንገለ ሰብ ኣይስመዖን። ገለ ውሑዳት ግን ክፍለጦም፡ ኢዶም ካብ ማኪና ኣንጢሮም ክኣልዩ ይረኣዩ። ንሰብ ክጎድእ ዝኽእል ዋሕዚ ኤለክትሪክ ኣብ ዓይነት ኤለክሪክሲቲን ድግምጋም (ፍሪኳንሲ)ን ኣተኩርና ሓፈሻዊ ዝርዝር ክንርኢ። እዚ ዝስዕብ ሰሌዳ ኣብ ደቂ-ተባዕትዮን ደቂ-ኣንስትዮን ብተደጋጋሚ ካብ እተኻየደ ፈተነ ተመርኲሱ ዝወጽአ'ዩ። ኣብዚ መግለጺ ዝርከብ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ኣዝዩ ውሑድ፡ ብሚሊ ኣምፐር ዝዕቀን እዩ። 1ሚሊ ኣምፐር ማለት 1/100 (0.001) ኣምፐር ምዃኑ'ዩ። እንተኾነ ብቑጽሪ ውሑድ ይመስል ይኸውን። ኣብ ሰብ ክውርዶ ዝኽእል ዕንወት ግን ቀሊል ኣይኮነን።

### 1. ንእሽተይ ተዘዝታ ብኢድ እንክስመዖም

- ኣብ ቀዋሚ ዋሕዚ ኤለክትሪክ (DC)- ወዲ-ተባዓታይ ብ1.0 ሚሊ ኣምፐር፡ ጓል-ኣንስተይቲ ከኣ ብ0.6 ሚሊ ኣምፐር፣

- 60 ሀትርዝ ዝዓቐኑ ተቐያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ (AC)- ንወዲ-ተባዕታይ ብ0.4 ሚሊ ኣምፐር፡ ጓል ኣንስተይቲ ከኣ ብ0.3 ሚሊ ኣምፐር፣

- 10 ኪሎ ሀርትዝ ዝዓቐኑ ተቐያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ- ንወዲ ተባዕታይ ብ7 ሚሊ ኣምፐር፡ ንጓል ኣንስተይቲ ከኣ ብ5 ሚሊ ኣምፐር።

### 2. ህላወ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ጽቡቕ ገይሩ እንክመዮም

- ኣብ ቀዋሚ ዋሕዚ ኤለክትሪክ- ወዲ-ተባዓታይ ብ5.2 ሚሊ ኣምፐር፡ ጓል-ኣንስተይቲ ከኣ ብ3.5 ሚሊ ኣምፐር፣

- 60 ሀትርዝ ዝዓቐኑ ተቐያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ- ንወዲ-ተባዕታይ ብ1.1 ሚሊ ኣምፐር፡ ጓል ኣንስተይቲ ከኣ ብ0.7 ሚሊ ኣምፐር፣

- 10 ኪሎ ሀርትዝ ዝዓቐኑ ተቐያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ- ንወዲ ተባዕታይ ብ12 ሚሊ ኣምፐር፡ ንጓል ኣንስተይቲ ከኣ ብ37 ሚሊ ኣምፐር ህላወ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ክፍለጦም ይኽእል።

### 3. ቃንዛ ዘፈጥር ኰይኑ ንዘይወለንታዊ ምንቅስቓስ ክትቈጻጸር ዘኽእል እንክኸውን

- ኣብ ቀዋሚ ዋሕዚ ኤለክትሪክ- ወዲ-ተባዓታይ ብ62 ሚሊ ኣምፐር፡ ጓል-ኣንስተይቲ ከኣ ብ41 ሚሊ ኣምፐር፣

- 60 ሀትርዝ ዝዓቐኑ ተቐያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ- ንወዲ-ተባዕታይ ብ9 ሚሊ ኣምፐር፡ ጓል ኣንስተይቲ ከኣ ብ6 ሚሊ ኣምፐር፣

- 10 ኪሎ ሀርትዝ ዝዓቐኑ ተቐያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ- ንወዲ ተባዕታይ ብ55 ሚሊ ኣምፐር፡ ንጓል ኣንስተይቲ ከኣ ብ37 ሚሊ ኣምፐር ዝዓቐኑ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ክጎድኦም ይኽእል።

### 4. ቃንዛ ዘለዎ፡ ኢድ ካብ ገመድ ክትፈሊ ዘየኽእል ክኸውን እንከሎ

- ኣብ ቀዋሚ ዋሕዚ ኤለክትሪክ- ወዲ-ተባዓታይ ብ76 ሚሊ ኣምፐር፡ ጓል-ኣንስተይቲ ከኣ ብ51 ሚሊ ኣምፐር፣

- 60 ሀትርዝ ዝዓቐኑ ተቐያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ- ንወዲ-ተባዕታይ ብ16 ሚሊ ኣምፐር፡ ጓል ኣንስተይቲ ከኣ 10.5 ብሚሊ ኣምፐር፣

- 10 ኪሎ ሀርትዝ ዝዓቐኑ ተቐያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ- ንወዲ ተባዕታይ ብ75 ሚሊ ኣምፐር፡ ንጓል ኣንስተይቲ ከኣ ብ50 ሚሊ ኣምፐር ዝዓቐኑ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ክጎድኦም ይኽእል።

### 5. ኣዝዩ ብርቱዕ ቃንዛ ዘፈጥር፡ ምስትንፋስ ዘጸግም እንተኾይኑ፥

- ኣብ ቀዋሚ ዋሕዚ ኤለክትሪክ- ወዲ-ተባዓታይ ብ90 ሚሊ ኣምፐር፡ ጓል-ኣንስተይቲ ከኣ ብ60 ሚሊ ኣምፐር፣

- 60 ሀትርዝ ዝዓቐኑ ተቐያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ- ንወዲ-ተባዕታይ ብ23 ሚሊ ኣምፐር፡ ጓል ኣንስተይቲ ከኣ ብ15 ሚሊ ኣምፐር፣

- 10 ኪሎ ሀርትዝ ዝዓቐኑ ተቐያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ- ንወዲ ተባዕታይ ብ94 ሚሊ ኣምፐር፡ ንጓል ኣንስተይቲ ከኣ ብ63 ሚሊ ኣምፐር ናብዚ ሓደጋ የቃልዖም።

### 6. ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ደቒቕ ንህርመት ልቢ ክዘራርግን ክቐትልን ዝኽእል

- ኣብ ቀዋሚ ዋሕዚ ኤለክትሪክ- ወዲ-ተባዓታይ ብ500 ሚሊ ኣምፐር፡ ጓል-ኣንስተይቲ ከኣ ብ500 ሚሊ ኣምፐር፣

- 60 ሀትርዝ ዝዓቐኑ ተቐያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ- ንወዲ-ተባዕታይ ብ100 ሚሊ ኣምፐር፡ ጓል-ኣንስተይቲ ከኣ ብ100 ሚሊ ኣምፐር ዝዓቐኑ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ዘለዎ'ዩ።

ኣብዚ ክግንዘብ ዝግበኦ ፍልልይ ከሚካላዊ ኣቃውማ ሰብ ኣብ ግምት ኣይኣተወን ዘሎ። እዚ ዝተዋህበ ዝርዝር ከኣ ዝተጸጋገዐ እዩ። ልቢ ካብ ንቡር ህርመታ ክትዝንብዕ፡ ኣብ ኣፍልቢ ሰብ ዝውሕዝ 17 ሚሊ ኣምፐር (AC) ይኣኽላ። ዋሕዚ ኤለክትሪክ ኣብ ልቢ ዘለዎ ጽልዋ ንምፍላጥ ዝተገብረ መጽናዕቲ ኣብ እንስሳታት ብዝተገረ ፈተነ'ዩ።

ኣብዞም ክልተ ዝትፈላለዩ ፍሪኳሲታት ነንበይኑ ጽልዋ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ኣሎ። ፍሪኳንሲኸ ከም ረቛሒ ክጥመት ይኽእል ደዩ ዝብል ሕቶ ክለዓል ይኽእል። ፍሪኳንሲ፡ ብዝሒ ምድግጋም ማዕበል (ሳይክል)፡ ኣብ ሓደ ካልኢት እዩ። ሀርትዝ ናይ ፍሪኳንሲ መዐቀኒ ኣሃዱ'ዩ። ኣብዚ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ዝርዝር፡ 60 ሀርትዝን 10 ኪሎ ሀርትዝን ናይ ተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ተጻሒፉ ኣሎ። ሓደ ሳይክል ማለት ከኣ ኤለክትሮናት ካብ ሓደ ኣንፈት ናብቲ ሓደ ኣብ ሓደ ካልኢት ዝዞሩሉ ብዝሒ እዩ። 60 ሀርትዝ ክበሃል እንክሎ እምበኣር 60 ሳይክል ተፈጺሙ ማለት'ዩ። 10 ኪሎ ሀርትዝ ከኣ ኤለክትሮናት ኣብ ሓደ ካልኢት 10,000 ሳይክላት ከም ዝፈጸሙ የርኢ። ነዚ ክረድእ ዝኽእል ኣብነት ይስዕብ፤

***

1. ሓደ ሰብ ብኽልተ ድሩቕ ኣእዳው ኣብ 60 ሀርትዝ ዘሎዎ ገመድ ኤለክትሪክሲቲ (AC) ሒዙ ኣሎ። 20 ሚሊ ኣምፐር ዋሕዚ ኤለክትሪክ ብምፍጣር ኑቲ ገመድ ክፍትዎ ከም ዘይክእል ክገብር ዝኽእል ሓይሊ ኤለክትሪክ (ቮልቴጅ) ክንደይ ይኸውን? (መዘኻኸሪ፡ ተጻራርነት ናይ ሓደ ሰብ ብገምጋም 1 ሚጋ ኦሆም'ዩ።)

መልሲ፥

ነዚ ሕቶ ንምምላስ ንሕጊ ኦሆም ብቐሊሉ ክንጥቀም ንኽእል።

V=IR፡ ቮልቴጅ= ዋሕዚ ኤለክትሪክ * ተጻራርነት

V= (20 ሚሊ ኣምፐር)(1 ሜጋ ኦሆም)

V= 20,000 ቮልቴጅ ወይ 20 ኪሎ ቮልት

- እዚ ቮልቴጅ እዚ ቴታኑስ ከስዕብ ይኽእል።

***

2. ብተመሳሳሊ ብጥሉል ኢዱ ኤለክትሪክ እንተሒዙ፡ ክሳብ 17 ኪሎ ሆኦም ጥራይ ተጻራርነት ኣሎዎ። 20 ሚሊ ኣምፐር ክፈጥር ዝኽእል ሓይሊ ኤለክትሪክ (ቮልቴጅ) ርኹብ?

V=IR፡ ቮልቴጅ= ዋሕዚ ኤለክትሪክ * ተጻራርነት

V= (20 ሚሊ ኣምፐር)(17 ኪሎ ኦሆም)

V= 340 ቮልት

- እዚ ዓቐን ቮልቴጅ ከኣ ብርቱዕ ሃለዋት ምጥፋእ ከስዕብ ይኽእል።

ካብዘን ክልተ ሕቶ እንታይ ኣስተውዒልኩም? ዝተፈልየ ቮልቴጅ ኣብ ተመሳሳሊ ዋሕዚ ኤለክትሪክን ፍሪኳንሲን እንታይ ክገብር ከም ዝኽእል ተመልኪትኩም ኣለኹም።

3. 1 ኪሎ ኦሆም ተጻራርነት ዘለዎ ሰብ፡ 20 ሚሊ ኣምፐር ኣብ ኣካሉ ክውሕዝ - በቲ ኣቐዲምና ዝረኣናዮ ኣገባብ መሰረት - 20 ቮልት ሓይሊ ኤለክትሪክ ይኣኽሎ። እዚ 20 ቮልት ከኣ ቴታኑስ ከስዕብ ኣይሸገርን። ኣብ ተመሳሳሊ ተጻራርነት 17 ሚሊ ኣምፐር ዋሕዚ ኤለክትሪክ ንኽህሉ፡ 17 ቮልት ሓይሊ ኤለክትሪክ የድሊ። እዚ 17 ቮልት ከኣ ህርመት ልቢ ኣመዛቢሉ ክቐትል ይኽእል።

17 ቮልት ዓቢ ሓይሊ ኤለክትሪክ ኣይኮነን። ነዚ ውሑድ ሓይሊ ኤለክትሪክ ሓደገኛ ዝገብሮ ዘሎ 60 ሀርትዝ ፍሪኳንሲ እዩ። ሽሕ ግዜ ውሑድ ቮልቴጅ ይኹን፡ ሓደገኛ ዝኾነሉ ኩነታት ኣሎ። ገለ ሰብ ንዝተፈላለየ ባተሪ፡ ቻርጀር፡ ኣዳፕተር፡ ወዘተ. ኤለክትሪክሲቲ የማሓላልፍን ኣየማሓላልፍን ኣሎ ክፈልጡ ኣብ መልሓሶም ብምልጋብ ይፍትኑ እዮም። ካብዚኦም መሳርሒታት ዝወጽእ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ዘይቅየር ዋሕዚ ኤለክትሪክ (DC) እዩ። እቲ ዝበዝሐ ከኣ ካብ 3 ክሳብ 12 ቮልት ሓይሊ ኣለዎ። ክንዲቲ ኣብ ገዛና እንጥቀመሉ ተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ሓደገኛ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። እንተኾነ ግን ብመልሓስካ ይኹን ካልእ ክፋል ኣካልካ ኤለክትሪክሲቲ ኣሎን የለን ከተረጋግጽ ቅኑዕን ውሑስን ኣይኮነን።


## ግድል ስትሪምኮ

ንብልሒ ተመሃሮ ዝሕግዝ ኣዘናጋዒ ግድላት

እዚ ጸወታ ወይ ግድል "ስትሪምኮ" ይብሃል። ንሰዶኮ ዝመስል ጸወታ እዩ። እዚ ብግራባርቻክ ዝተባህሉ ሰድራ ዝተማህዘ ኰይኑ፡ ኣብ ክልሰ-ሓሳባት ትርብዒት - ናይ ላቲን ፈላጥ ስነ-ቍጽሪ ሊዮናርዶ ኢለር (18 ክፍለ-ዘመን) ዝተመርኰሰ እዩ።

ኣገባብ ኣጸዋውታኡ፥ ኣብዛ ትርእዩዋ ሰደቓ፡ 7ተ ብ7ተ ዝተሰርዓ ዓንኬላት ኣለዋ። እዘን ዓንኬላ ቍጽሪታት እየን ዝሕዛ። ካብ 1 ክሳብ 7 ድማ ይምልኣ። ካብ 1 ክሳብ 7 ዘለዉ ቍጽሪታት ንትኹልን ንጋድምን ልክዕ ከም ሰዱኮ ክድገሙ የብሎምን። ኣብቶም ብመስመር ተራኺቦም ዘለዉ ዓንኬላት'ውን ክድገም የብሉን።

(መልሲ፡ ካብ 1 ክሳብ 7 ዘለው ቍጽሪታት ንትኹል፡ ንጋድምን ብሕንጻጽ ተታሓዞምን ኣብ ዝርከቡ ዓንኬላት ክድገሙ የብሎምን።)




## ጥቕሲ እዚሰሙን

"እቲ ዘሙቑና ሓዊ፡ ከዕኑወና'ውን ይኽእል እዩ። ናይቲ ሓዊ ድማ ኣይኮነን።"

- Swami Vivekananda

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

# ምልክታ

በይኑል ገብረሚካኤል - ፋርቱና ኤፍሬም
ናጽነት ደስበለ

## ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሰምሃር ጸሃየ ሃብተ፣ ኣሞይ ነፍ/ ኣበባ ሃብተ ካሳ ኣብ ከተማ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ዞባ 6 ምም/02 ጎደና ደራ ቁ/ገዛ 8 ብቁጽሪ ምስክር ወረቐት 103479 መወከሲ ቁ/124277 ቁ/ሎታ 29 ቁ/ፓርቸላ ስፍሓት መሬት 95,06 ት/ሜ ቀንዲ ክፍልታት 3 ሓገዝቲ ክፍልታት 2 ዝሓዘ መዳውብቱ ብሰሜን ምስ ናይ ሓባር ዛሬባ ብደቡብ ምስ መንገዲ ደራ ብምብራቕ ምስ ንብረት ፍስሃ ወልደማርያም ብምዕራብ ምስ ጽገ ገብረዝጊ ዝዳወብ ዝገበረትለይ ውህብቶ ይጽደቐለይ ናብ ስመይ ይመሓላለፈለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን12/11/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ/32 ይቕረብ።

### ገዛ ባንዳ

ወ/ሮ ኣለም ፍቓዱ በራኺ፣ በዓል-ቤተይ ሰንጋል ተኽለ ስለዝሞተ፣ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፣ 3 ደቀይ ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን18/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ዩኤል ተስፋይ ሓጎስ፣ ተኸሳሲ ኣቶ ሻም ኣሕመድ ናይ ገዛ መኪና ዓይነታ ሰለዳ ቁ-ER-1-07847 ቻሲ ቁ-Fj05-364426 ዝኾነት ብዋጋ 30,000 ናቕፋ ውዕል ፈጺምና፣ ገንዘብ ሽያጥ ብምሉኡ ተኸፊሉ እንተኾነ ግን ተኸሳሲ ስም ምትሕልላፍ ውዕል ከይፈጸመለይ ካብዚ ሃገር ስለዝወጸ፣ ስም ክማሓላለፈለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን15/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣባሻውል

ወረ/ነፍ/ ገብረሂወት ኣብርሃ፣ የማነ ኣብርሃ፣ ኣበባ ኣብርሃ፣ ወልደሚካኤል ኣብርሃ፣ በየነሽ ኣብርሃ፣ ኣልጋነሽ ኣብርሃ፣ ብወኪሎም ወ/ሮ በየነሽ ኣብርሃ ኣቢሎም፣ ተጸዋዒት ወ/ሮ ሸዋ ከተማ፣ ካባና ዝገዝኣቶ ገዛ ከነረክባ ብዝኣተወቶ ውዕል ኣድራሽኣ ክንረክብ ስለዘይከኣልና፣ ትጸውዓልና ስለዝበሉ፣ ተጸዋዒት ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ትቕረብ።

ኣብ ሞንጎ ኣቶ ዳኒኤል ዑቕባልደትን ኣቶ ኣምለሶም ፍትዊ ፈረጅን ዝተገብረ ናይ ገዛ መኪና ውዕል መሸጣ ፊያት ኡኖ ዝዓይነታ ቁ.ሰሌዳ ኢ፣ ኣር 1-30418 ቁ.ቻሲ ZFA 146000*04265089፣ ኣቶ ኣምለሶም ፍትዊ ብኣድራሽኡ ክርከብ ስለዘይተኻእለ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/11/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ጉዳዩ ንሱ ኣብ ዘይብሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ።

## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ወረ/ነፍ ተስፋይ ገብረ ወልዱ ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ነፍ ተስፋይ ገብረ+7 ንዘሎ ናይ ውርሻ ክርክር ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ብቁ/መዝ 27/2018 ብዕለት 19-12-2018 ዝተዋህበ ትእዛዝ እዚ ኣብ ከተማ ኣስመራ ን/ዞባ ዕዳጋሓሙስ ከባቢ እምባ ጋልያኖ ጎደና ሽፋሺፊት ቁ/20 ኣብ ጥቃ ቃል መዋእል ህጻናት ዝርከብ ገዛ ኮይኑ ኣብ 100ት/ሜ ዝተደኮነ ኮይኑ 3 ቀንዲ ክፍልታት 2 ተሓጋገዝቲ ክፍልን ብሓራጅ ተሰይጡ ኣብ መንጎ ወረስቲ ክምቀል ብዝኣዘዞ መሰረት እዚ ዝተጠቕሰ ገዛ ብኽኢላ መበገሲ ዋጋ 76,259.60 (ሰብዓን ሽዱሽተን ሽሕን ክልተ ሚኢትን ሓምሳን ትሽዓተን ናቕፋ 60% ስለ ዝተገመተ ኣብቲ ዝግበር ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ ቅድሚ ዕለት ሓራጅ ኣብ ዘሎ 5 ናይ ስራሕ መዓልታት ኣብ ቁ/62 ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቕ ናይ ዝተቀረበ መጠን ገንዘብ ብዕሹግ ሰታሪት የእቱ ¼ ናይቲ ዝተዋህበ ግምት ገንዘብ ብሽም ፈ/ፍርዲ C.P.O ኣሰሪሑ ወይ ድማ ባንክ ተጠራቓሚ ሕሳብ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል።

ዕለት ሓራጅ 14/11/2019
ቦታ ሓራጅ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/27
ሰዓት 3፡00-4፡00

ተወሳኺ ሓበሬታ ዝደሊ ኣብ ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ ቁ/67 ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት መጺኡ ክውከስ ይኽእል። ዝቃወም እንተሎ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይኣቕሪቡ ሓራጅ ኣየቋርጽን ኢዩ።

ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ



# Vacancy Announcement

**Eritrea-Sichuan Mineral Construction Corp. Ltd** invites Qualified Candidates for the following positions:-

1. **COMMERCIAL MANAGER**
   **Required: 1**

**MAJOR DUTIES AND RESPONSIBILITIES**

- Build relationships with clients to establish new contracts. Develop strong relationships with different departments within the company to ensure everyone is working toward the same targets and goals.
- Develop strategic plans to encourage business. Use analytics to create action plans that are based off data and statistics, and interpret results against targets.
- Develop risk assessments and pricing structures for products to work toward commercial efforts. Financial planning and budgeting is an important aspect of this job.
- Responsible for overseeing staff, suppliers, and contractors to ensure that deadlines are met. If issues arise with contractors, work with them to resolve the problem as quickly as possible so as not to affect the schedule.
- Make sure stakeholders adhere to and understand contractual obligations, and also determine when processes violate regulations.
- Assess risks and make recommendations based on analysis of all factors affecting a business situation.
- Should have a good understanding of the state of the current market in their industry. Should be constantly updating this knowledge, which includes keeping up to date with the latest contract laws and regulations
- Deal with administrative financial tasks, such as overseeing revenue, so they need to have good math skills
- Have a good understanding of experience with market research and negotiation.

**Education**: BA in business, marketing, or a subject related to commerce

**Work Experience:** 5 years or more relevant experience in the field.

**Other skills and abilities**:

- Good knowledge of Chinese and English language.
- Applicants for this job must demonstrate talents for commercial awareness, client liaising, project management, and team leadership.
- Interacting with Computers (including hardware and software) to program, write software, set up functions, enter data, or process information.
- Organizing, Planning, and Prioritizing Work.
- Scheduling Work and Activities.
- Training and Teaching Others.

**Salary:** Negotiable

**Additional requirement for nationals:**

- Provide evidence of completion or exemption National Service from Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current or last employer
- Interested candidates are requested to send a letter of application, a current CV, documents and other particulars, work experience credentials.
- Every applicant is required also to send a copy of application to The state of Eritrea Office National Security Aliens Employment Permit Affairs P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea.
- All applications should be sent through post office.

**Closing Date**:5 days from the date of this announcement.

**Address**: **Eritrea-Sichuan Mineral Construction Corp. Ltd.**
**P.O. Box 4832, Asmara, Eritrea**

# Invitation for Bids

Ministry of Marine Resources-Fisheries Resources Management Program

IFAD -- GRANT No. DSF-2000001700-ER

Procurement of: **IT Equipment, Materials for Sound Record and Narration with full Accessories, One Compressor with Full Accessories**

IFB No.: MMR/FReMP/G/NCB/0007/2019

1. The Government of the State of Eritrea has received grant from the International Fund for Agricultural Development (IFAD) toward the cost of Fisheries Resources Management Development Program , and it intends to apply part of the proceeds of this credit to payments under the Contract for the procurement of; IFB No.: MMR/FReMP/G/NCB/0007/2019
2. MMR-FReMP now invites sealed bids from eligible and qualified bidders for the supply. IT Equipment, Materials for Sound Record and Narration with full Accessories, One Compressor with Full Accessories
3. Interested bidders may obtain further information from the MMR-FDP and inspect the Bidding documents at the address given below, from 7.00 – 3:00 p.m. local time, Monday through Friday.
4. A complete set of bidding documents in English may be purchased by interested bidders on the submission of a written application to the address below and upon payment of a nonrefundable fee of Eritrean Nakfa (**ERN)500.00**(five hundred Eritrean Nakfa or equivalent in foreign currency starting from **October 14, 2019.**
5. Bids must be delivered to the address below on or before **Monday 11, November, 2019** at 10:15a.m.
6. Electronic Bidding will not be permitted. Late Bids will be rejected.
7. Bids will be opened in the presence of bidders or their representatives who choose to attend in person at the address below at 10:15 a.m. on **Monday 11, November, 2019.**All bids must be accompanied by a bid security mentioned in the bidding documents.
8. The address referred to above is:

The Ministry of Marine Resources-Fisheries Development Project
Contact Person: Ms. Makda Mebrahtu
Street Address: Hiday Street 748-1
Block and Floor: Dembe Sembel, Block "A",4th Floor, RH
City: Asmara
P.O.Box 923
ZIP code: 748-1
Country: Eritrea
Telephone: 291-1-153958
Facsimile number: 291-1-153961
E-mail: makumebrahtu9@gmail.com or fremp2017@gmail.com

# ምልክታ

ኣብ ባረንቱ ኣብ ዞን 3 ብሎክ 35 ፓርሰል H ናይ ዘሎኒ ገዛ ውዕል ክራይ መሬት ይኹን ካልእ ኩሉ ሰነዳት ናይ'ዚ መንበሪ ገዛ (ቅጥዒ 005) ስለዝጠፍኣኒ ዝረኸቦ ወይ ድማ ብዝኾነ ምኽንያት ሒዘዮ ኣለኹ ዝብል ሰብ እንተሎ ብ ቁ.ቴሌፎን 07236097 ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ናብ ቤ/ጽ መሬትን ማይን ኣከባብን ጨ/ዞ/ ጋሽ ባርካ ይቕረብ። እዚ ምስ ዘይፍጸም ግና መተካእታ ክወሃበኒ።

ኣቶ ገብረሚካኤል መንግስትኣብ

ሃይለ ዳኒኤል

## ሲንጋፖር - ኢትበርር ታክሲ ተፈቲና



ኣብ ሲንጋፖር፡ ክትበርር እትኽእል ታክሲ ንፈተነ ትማሊ ከም ዝበረረት ተሓቢሩ።

እታ ሾሎኮፕተር ተባሂሉ ብዘጸዋዕ ኩባንያ ዝማዕበለት በራሪት ታክሲ፡ ኣብቲ ማሪና በይ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ከባቢ - ንኣስታት ክልተ ደቓይቕ ከም ዝበረረት ተፈሊጡ።

ኩባንያ ሾሎኮፕተር ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ እታ በራሪት ታክሲ ንክልተ ደቓይቕ ጥራይ ክትበርር ዝተገብረሉ ምኽንያት - ብዘተፈጥረ ሃንደበታዊ ምቅይያር ንፋስ ምኻኑ ሓቢሩ ኣሎ።

እቲ ነዛ በራሪት ታክሲ ዝሰርሐ ኣብ ጀርመን ዝመደበሩ ትካል፡ ነታ ንሱ ዘማዕበላ ታክሲ ኣብ ጀርመን፡ ዱባይን ፊንላንድን ንምርኢት ኣቕሪቡዋ ምንባሩ ተገሊጹ።

እታ ኣብ ሲንጋፖር ብፓይሎት እናተመርሐት በረርኣ ዘካየደት ታክሲ፡ ኣብ መጻኢ ብዘይ ኣብራሪ ክትበርር ከም ዘኹነት እዩ ዝንገረላ።

ኩባንያ ሾሎኮፕተር፡ ሓደ ካብ'ተን ብዙሓት ብኤለክትሪክ ዝሰርሓ ድሮን መሰል ሄሊኮፕተራት ኣብ ምስራሕ ዝነጥፋ ዘለዉ ትካላት እዩ።

## ተወሳኺ



ኣብ ብሪጣንያ ከተማ ማንቸስተር፡ ኣብ ዓለምና ናይ መጀመርያ ከምዘኾነ ዝተገልጸ ናይ ጸጉሪ ባንክ ከም ዝተኸፍተ ተሓቢሩ።

እቲ ንደቂ-ተባዕትዮ 2,500 ፓውንድ ከፊሎም ንቅምሶ ናይ ጸጉሮም ከም ዘቐምጡ ዝዓበ ባንክ፡ ምስ ግዜ እቶም ኣብቲ ባንክ ዘቐመጡ ምስ ዝበርሖ፡ ነቲ ዘቐመጡዎ ቅምሶ ናይ ጸጉሮም ኣብ ላብራቶሪ ክሎን ኩይኑ ዳግም ኣብ ርእሶም ከም ዝትከል እዩ ዝዓብር።

ቅድሚ ሕጂ ብበርሒ ንዘጥቅዑ ደቂ-ተባዕትዮ ንምንጋፍ ዝተፈላለዩ ዓይነታት መድሃኒታትን ካልኦት ሜላታትን እኳ ኣብ ግብሪ ክውዕሉ እንተጸንሑ፡ ብዘለዎም ኣሉታዊ ሳዕቤናት ተቐባልነት ከም ዘይረኸቡ እዩ ዝንገር።

ካብ 6ይ ገጽ ዝቐጸለ ...

## ብድሆ ትምህርቲ ኣብ ወለዶ . . .

ናይ ክፍሎም መጻሕፍትን መወከሲ መጻሕፍትን ኾነ፡ሎም ምዕራፋት እናንበቡን ማዕበራት እናጸሓፉን እናኾነጹሉን ክጽዕሩ ዚግባኦም ኣንባብት ብኣቋራጭ ዝተፈላለየ ረቐቕቲ ቅዱሓት (soft copies)ን መርበብት ሓበሬታታትን ብምኽፋት ጥራሕ ኪረኽብዎ ይኽእሉ።

ዝጠዘሓ ሰብ ህጻናት ብግቡእ ትምህርቶም ክንዲ ዝኸታተሉ፡ ምዕቡል ቴሌፎናት፡ ታብሌታትን ላፕቶፓትን ከፊቶም ኣብ ስክሪናት ቀንፈዘው እናበሉ ኣደዳ ማዘናግዒ መደባትን ጸወታታት ቪድዮን እናኾኑ ወርቃዊ ጊዜኦምን ዕድሎምን ንሽንኑ የጥፍኡ ዝበሉ ግምት ኣለዎ። ከምኡ ዓይነት ብኽነት ዘስዕብ ግቡእ ምክትታልን ዘሜኢዘን ኣተሓሕዛን እንተዘይሃልዩ ጥራሕ ኢዩ።

ብልክዕ ንምዝራብ ግን፡ ምዕባለ ቴክኖሎጂ ዝያዳ መብልሕን ኣርባሕን ደኣ'ምበር ኣዕናዊ ኣይኮነን። ኣጠቓቕማና፡ ተገዳስነትናን ሽለትናን ኢዩ ከኣ ከም ዝራእናዮ ንልምዓትን ዕንወትን ዘውዕሎ።

## መራሕቲ ቱርኪን ሩስያን ተዘራሪቦም



ፕረዚደንት ቱርኪ ረሲፕ ጠይብ ኤርዶጋን፡ ምስ ሩስያዊ መዛኑኡ ቭላድሚር ፑቲን ትማሊ ኣብ ከተማ ሶቺ ተራኺቦም ከም እተዘራረቡ ተሓቢሩ።

እቶም ክልተ መራሕቲ፡ ሰዓታት - ቅድሚ ምዝዛም ምቁራጽ ተኹሲ ኣብ መንጎ ሰራዊት ቱርኪን ሓይልታት ኩርዲን ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ሶርያ ከም እተራኸቡ ተፈሊጡ ኣሎ።

ትሕዝቶ ርክብ ፑቲንን ኤርዶጋንን ኣብ ሰሜናዊ ዞባ ሶርያ ዘሎ ዘይምርግጋእ፡ ናብ ንቡር ኩነታት ንምምላስ ዘተኮረ ምኻኑ ይግለጽ።

ቱርኪ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ን120 ሰዓታት ተኹሲ ደው ክተብል፡ ነቶም 'ግብረ-ሽበራውያን' እናበለት እትጠቕሶም ኩርዳውያን ዕጡቓት ድማ፡ ብሰላም ካብቲ ጥቓ ዶብ ዘሎ ከባቢታት ንኽወጹኡ ዘኽእል ማሕጎት ዕድል ክትህብ ምስምማዕ ኣይርሳዕን። እቲ ብኣመሪካ ዝተማእከለ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ትማሊ ኣማሲያኡ ከም ዘብቅዐ ይፍለጥ።

ቱርኪ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ዶባ ዶብ ሶርያን ክትሃንጾ መደባ ዘላ ውሑስ ዞባ ንምትግባር፡ 'ሰርሒት ምንጪ ሰላም' ብዝብል ዝሰመየቶ ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ ብ9 ጥቅምቲ ኣብ ልዕሊ'ቶም ኣብቲ ዞባ ዝንቀሳቐሱ ኩርዳውያን ዕጡቓት ምፍናዋ ኣይርሳዕን።

መንግስቲ ኣንካራ፡ ነቶም ብ 'ዋይ.ፒ.ጂ.' ብዝብል ስም ዝጽውዑ ዕጡቓት፡ ናይ ዕጡቕ ጉጅለ 'ፒ.ከይ.ከይ' ክፋል ምኻኖም እዩ ዝሕብር። ቱርኪ ነቶም ኣብ ሃገራ ተዓቚቦም ዝርከቡ ኣስታት 3.6 ሚልዮን ሶርያውያን ስደተኛታት፡ ናብቲ ውሑስ ዞባ ከተግዕዞም መደብ ከም ዘለዋ ይግለጽ።

ፕረዚደንት ኤርዶጋን ቅድሚ'ቲ ምስ ፑቲን ዘካየዶ ርክብ፡ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኩርዳውያን ዕጡቓት ካብቲ ከባቢታት ክስሕቡ ዘይንሳሓቡ መንግስቲ ኣንካራ መጥቃዕቲታቱ ክቕጽሎ ምኻኑ ኣፍሊጡ ኣሎ። እዚ ከኣ ብቐንዱ እቲ ብኣመሪካ ዝተኣትወሎም መብጽዓ ብዘይምትግባሩ ምኻኑ ወሲኹ ገሊጹ።

ብዙሓት ተንተንቲ ከም ዝሕብሩዎ፡ ኣብ መንጎ ኤርዶጋንን ፑቲንን ዝተኻየደ ርክብ፡ ቱርኪ ወጢናቶ ዝጸላ መደባት ምህናጽ ውሑስ ዞባ ኣብ ሰሜናዊ ዶብ ሶርያ ኣንፈቱ ዝቕይር ክኸውን ከም ዝኽእል እዩ ዝግለጽ።

እዚ ከኣ ፕረዚደንት ፑቲን ምስ መራሒ ሶርያ ባሻር ኣል-ኣሳድ ብዘለዎ ጥቡቕ ርክብ ምኻኑ ይሕብር።

## ኣመሪካ - ገለ ክፋል ሰራዊት ኣብ ሶርያ ክጸንሕ እዩ



ገለ ክፋል ካብ ሰራዊት ኣመሪካ ኣብ ሶርያ ክጸንሑ ምኻኖም ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ሓቢሩ።

እቲ ፕረዚደንት ዝኢ ዝበለ ዘሎ ድሕሪ'ቲ ሰራዊቱ ካብታ ሃገር ጠቕሊሎም ክወጹኡ ምኻኖም ምግላጹ እዩ። ንሱ በቲ ቅድሚ ክልተ ሰሙንታት ዝወሰዶ ምስሓብ ናይቶም ኣብ መንጎ ሶርያን ቱርኪን ዓሪዶም ዝጸንሑ ሰራዊቱ፡ ካብ ደገፍቱ ከይተረፈ ብርቱዕ ነቐፌታታት ክወርዶ ምጽንሑ እዩ ዝግለጽ።

እዚ ከኣ ብቐንዱ ድሕሪ'ቲ ቱርኪ ኣብ ልዕሊ'ቶም ቀንዲ መሻርኽቲ ኣመሪካ ዝነበሩ ኩርዳውያን ዕጡቓት መጥቃዕቲ ምጅማራ እዩ። ኩርዳውያን ዕጡቓት ኣብ ዝተኻየደ ኩናት ኣንጻር ዳዕሽ እቶም ኣገደስቲ መሻርኽቲ ኣመሪካ ምንባሮም ይፍለጥ።

እቲ ፕረዚደንት ነቶም ኩርዳውያን ዕጡቓት ብምጥላሙ ካብ ብዙሓት ወገናት ነቐፌታታት ክወርዶ እኳ እንተጸንሐ፡ ንሱ ግን እቲ ዝወሰዶ - ካብቲ ቦታ ናይ ምንስሓብ ውሳነኡ ከም ዘይቅይሮ እዩ ክገልጽ ጸኒሑ።

ትራምፕ ከም ዝሓበሮ፡ ውሑዳት ቁጽሪ ዘለዎም ወተሃደራት፡ ንመጓስከራት ነዳዲ ንምሕላው ኣብ ሶርያ ክጸንሑ እዮም። እቶም ዝተረፉ ድማ ናብ ጥቓ እስራኤልን የርዳኖስን ክግዕዙ ምኻኖም ገሊጹ።

ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ዋላ'ኳ ነቶም ኣብ ከሉ ኩርናዓት ዓለምና ዝርከቡ ወተሃደራት ኣመሪካ ናብ ሃገሮም ክመልሶም ምኻኑ መብጽዓ ኣትዩ እንተነበረ፡ ኣስታት 200 ሽሕ ወተሃደራት - ገና ኣብ ግምባት ዝርከቡ ክፋል ዓለምና ከም ዘለዉ እዩ ዝንገር።

ብዘይካ'ዚ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ግንቦት ኣብ ሰዑዲ ዓረብ ኣብ ልዕሊ መሳርዚ ነዳዲታት ድሕሪ ዝተኻየደ መጥቃዕቲ፡ ቁጽሪ ናይቶም ኣብ ወሽመጥ ዓረብ ዝርከቡ ሰራዊት ኣመሪካ ብ14 ሽሕ ከም ዝዐደደ እዩ ዝሕብር።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ፐንታጎን ኣብ ኣፍጋኒስታን ዝርከቡ ሰራዊቱ ብቐልጢፍ ካብታ ሃገር ንምስሓብ መደባት ሓንጺጹ ምህላዉ ሰቡማዚ ኣመሪካ ይሕብሩ።

## ካናዳ - ትሩደ ዳግም ተመሪጹ



ኣብ ካናዳ ብዝተኻየደ ምርጫ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ጃስቲን ትሩደ ዳግማይ ቀዳማይ ሚኒስተር ኩይኑ ነታ ሃገር ክመርሓ ተመሪጹ።

እቲ ካብ ሰልፊ ሊበራል ዝኾነ ቀዳማይ ሚኒስተር፡ እቲ ንሱ ዝመርሖ ሰልፊ ኣብ ባይቶ ካናዳ 157 መናብር ብምርካቡ ዓብላሊ ከም ዘይከውን እዩ ዝሕብር ዘሎ።

ምስ ፖለቲካ'ታ ሃገር ቀርበት ዘለዎም ወገናት፡ ሰልፊ ሊበራል ካብቲ 338 መናብር ዘለዎ ባይቶ ን157 ጥራይ ክዕውተሉ ብምኽኣሉ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ትሩደ ኣብ ካልኣይ ዕምሪ መራሕነቱ ሓደስቲ ሕግታት ኣብ ምጽዳቕ ክኹብዶ ከም ዝኽእል እዮም ዝእምቱ።

ቀንዲ መቐናቕንቲ ሰልፊ ሊበራል ምኻኑ ዝንገረሉ ዓቃባዊ ሰልፊ ድማ፡ 121 መናብር ኣብ ባይቶ ብምሓዝ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ከምዝተቐመጠ ተፈሊጡ ኣሎ።

ጃስቲን ትሩደ ኣብ 2015፡ ኣብታ ሃገር ሓቀኛ ለውጢ ከምጽእ ምኻኑ መብጽዓ ድሕሪ ምእታዉ - ከም እተመርጸ ኣይርሳዕን። ንዝሓለፈ ኣርባዕተ ዓመታት ኣብ ስልጣን ድሕሪ ምጽንሑ ከኣ፡ እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ዝኣተዎ ቃል ከም ዘይፈጸመ ካብ ብዙሓት ወገናት ወቐሳታት ክቐርቦ ጸኒሑ።

እንተኾነ፡ ብመሰረት ሻራ ዘይሓዘ ናጻ ግምገማ፡ እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ን392 ሚኢታዊት ካብቶም ዝኣተዎም መብጽዓታት ምሉእ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ከም ዝፈጸሞም ይሕብር።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ኢምፔሮ | 23/10/2019 | ጎደና ሓርነት ቁ.158፡ ፊት ሲነማ ኢምፔሮ | 121480 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565